
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.262 | ዓርቢ 3 ሓምለ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2

ጥንሲን ጥዕናዊ ጸገማትን


ገጽ 3

ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ኤውሮጳ





ገጽ 4

"ፕሮጀክት ዓዲሃሎ፡ ተወርዋሪ ...





ገጽ 5

ሰማእታት ባሕሪ





ገጽ 11

ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ...




## ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት 2026፡ ካብ 6 ሓምለ ክሳብ 15 ነሓሰ ክካየድ'ዩ

ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት 2026፡ ካብ 6 ሓምለ ክሳብ 15 ነሓሰ ኣብ ሓሙሽተ ዞባታት ክካየድ ምዃኑ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ - ዳይረክተር ጨንፈር ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣቶ ፍትዊ ወልደገርግሽ ገሊጹ።

ኣብ'ዚ ንመበል 28 ግዜኡ ዝካየድ ወፍሪ፡ 37 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 30 ሽሕ ተመሃሮ፡ ምስ ኣስታት ሓደ ሽሕ መምህራን፡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ኣወሃሃድትን ኣጋር ሓካይምን ኣብ 160 ነቑጣታት ክዋፈሩ'ዮም።

ናይ ሎሚ ዓመት ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ 97 ሚእታዊት ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ዘተኩረ ክኾውን ከሎ፡ እቲ ዝተረፈ ጽሬት ኣከባቢ፡ ምጽፋፍ ሰኑዓት ትካላት መንግስቲ፡ ኣገልግሎት ድሕነት ትራፊክ፡ ምጽጋን ናይ ሓመድ ጽርግያታት፡ ከምኡ'ውን ምእካብ ንቐጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝኸውን ኣእማንን ካልእን ዘጠቓልል'ዩ።

ኣብ'ዚ ወፍሪ፡ ልዕሊ 1.4 ሚልዮን ኀዳጉዲ ክኹዓትን ፈልሰታት ክትከለሉን፡ ከምኡ'ውን ሰፊሕ ንጥፈታት ምስራሕን ምጽጋንን ቅናታውን ጋብላውን ዛላታት፡ ከትርታት፡ ካናለታትን ጋብዮናትን ክካየድ'ዩ ውጥን ወጺኡ ዘሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ከተማታት ኣስመራ፡ ከረን፡ መንደፈራን ባረንቱን ንጥፈታት ድሕነት ትራፊክ ክሰላሰል'ዩ።

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኩነታት ክሊማ ኣብ ግምት



ብምእታው፡ እቲ ወፍሪ ብተሳትፎ ኣስታት 600 ተመሃሮ ካብ 8 ሰነ ኣትሒዙ ይካየድ ከምዘሎ፡ ኣቶ ፍትዊ ብተወሳኺ ኣብሪሁ።

ካብ 1994 ክሳብ 2025 ኣብ ዝተኻየደ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ዝፈሰሰ ጉልበትን ገንዘብን ውጽኢቱ ተሰፋ ዝሁብን ንምቕጻሉ ዘተባብዕን ምዃኑ፡ ቤት-ጽሕፈት ጨንፈር ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት የብርሁ።

## ኤርትራውያን ዲያስፖራ፡ ዝተፈላለየ ሃገራዊ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ከምኡ'ውን ሸወደንን ቐጠርን ዝተፈላለየ ሃገራዊ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም።

ብመሰረት ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ምንቅስቓስ መንእሰያት ህግደፍ ጨንፈር ሸወደን "ሓድነትና ሓይልና፣ ተሳትፎና መጻኢና!" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 26 ክሳብ 28 ሰነ ዕውት ጉባኤ ኣቃኒዑ።

ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ቦርድ ምንቅስቓስ መንእሰያት ህግደፍ ሸወደን ኣቶ ፈልሞን ተኸላይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ ናይ'ቲ ጉባኤ ብኣውርኡ ምሕያል ብቑዕ ሃገራዊ መንእሰይ ምምልማል ምዃኑ ብምሕባር፡ ኩሎም መንእሰያት ኣብ ምዕዋትን ምቕላስን ተልእኾ 4ይ ግንባር መሪሕ ተራ ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ። ኣብ'ቲ ጉባኤ፡ "መሰረታዊ ስትራተጂካዊ ዓወታት ህዝባዊ ግንባር"፣ ከምኡ'ውን "መድረኻዊ ተልእኾ መንእሰያት" ብዝብል ኣርእስትታት ሰሚናራት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕደራን ፕሮጀክትን ዝተኩረ ትምህርታዊ መደብ ቀሪቡ።



ብዘይካ'ዚ፡ ሃገራዊ ሸማግለ ህግደፍ፡ ሃማደኤ፡ ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ሸወደንን ማእከላይ ቦርድ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳን ናይ ደገፍ ቃል ድሕሪ ምስማዕ፡ ሓዳስ ኣካያዲት ቦርድ ተመሪጹ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሃማደኤ ጨንፈር ጅዳ "ክብርታትና ዋልታና" ብዝብል ቴማ ብ25 ሰነ 5ይ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ።

ኣደ-መንበር ጨንፈር መምህር ኑራ ኣልሓጅ ዓሊ፡ ንዝተሰላሰለ ንጥፈታት ብመንጽር ብልጫታቱን ሕጽረታቱን ዝገልጽ ሰፊሕ ጸብጻብ ኣቕሪባ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዝካየድኦ ዓሚቑ ዘተ፡ ንመጻኢ ዝሕግዝ ለበዋታትን ርእይቶታትን ብምቕራብ ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል መሪጾን።

ብኻልእ ወገን፡ ብማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ቐጠር እትእለ መዋእለ ህጻናት 'ኣዳል'፡ ንፈለማ እዋን ንዓመት መመላእታ ዘምሃረቶም ተመሃሮ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም ኣሕመድ፡ ሓላፊት ሃማደኤ መምህር ኑራ ሑሴን ወለድን ኣባላት ማሕበረኮምን ኣብ ዝተረኸቡሉ፡ ብ26 ሰነ ኣመሪቓ።

ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን በብወገኖም ኣብ ዝካየድዎ ናይ ዝኽሪ ሰማእታት መደብ፡ ስድራ ሰማእታት ንምሕብሓብን ንምድጋፍን ቃል ኣትዮም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኣውስትራልያ - ነበርቲ መልበርን 9 ሽሕን 340፡ ነበርቲ ሲድኒ 4 ሽሕን 775፡ ነበርቲ ሆባርት ሓደ ሽሕን 170፡ ነበርቲ ኣደላይድ 3 ሽሕን 65፡ ነበርቲ ፐርዝ 18 ሽሕን 540 ዶላር ኣውስትራልያ፣ ኣብ ኒውዚላንድ ድማ - ነበርቲ ወሊንግተን 3 ሽሕን 960፡ ነበርቲ ኦክላንድ ድማ 2 ሽሕ ዶላር ኒውዚላንድ ከወፍዩ ከለዉ፡ 30 ስድራ-ቤታት ስዉኣት ንምሕብሓብ ሓላፍነት ወሲዶም፣ 53 ተወሰኽቲ ስድራ ስዉኣት ክምወሉ ድማ መብጽዓ ኣትዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ኦሬንጅ ካውንቲ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዘውደብዎ ዝኽሪ 20 ሰኔ ሕድሪ ሰማእታት ብውፉይ ስራሕን ኣበርክቶን ንምትግባር ቃሎም ድሕሪ ምሕዳስ፡ ስድራ ስዉኣት ናይ ምእላይ ሓላፍነት ወሲዶም።

## ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ንዕዉታት ማራቶን ኣስመራ ኣተባቢዑ

ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ብ1 ሓምለ ኣብ ባረንቱ ኣብ ዘወደቦ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ማራቶን ኣስመራ 2026ን ካልኦት ዝተፈላለዩ ውድድራትን ተሳቲፎም ዓወት ዝመዝገቡ ኣትሌታት ክልብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣተባቢዑ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ'ቲ ዞባ ኣብ መዳይ ስፖርት ዘሎ ዓቕሚታት ገና ከም'ቲ ዝድለ ከምዘይተበርበረ ብምጥቃስ፡ እቲ ብምምሕዳር ዞባ ዝተወስደ ተበግሶ፡ ፍናን ኣትሌታት ብምብራኽ ዝጸንሐ ድኻማት ንምእራም ዝዓለመ ምዃኑ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ብወገኑ፡ እቲ ናይ ምትብባዕ መደብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓውዲ ስፖርት ንምብርባርን ንምምዕባልን ዝካየድ ዘሎ ወሁድ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተራ ኩምን ዝተፈላለዩ ኣካላትን ክዓዚዝ ኣዘኻኺሩ።

ዝምዝገብ ዘሎ ዓወት ውጽኢት ውልቃዊ ጻዕሪ ስፖርተኛታት፡ ከምኡ'ውን ምትብባዕ ኩምን መሻርኽቲ ኣካላትን ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር ሓይለኣብ ኣርኣያ ድማ፡ ተኻእቲ መንእሰያት ንምፍራይ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዳህሳስን መጸናዕትን ክካየድ ምዃኑ ኣረዲኡ።



ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ማራቶን ኣስመራ ሰለስተ ግዜ ቀዳማይ ዘወጸ ኣትሌት ናሆም ኤርምያስ፣ ኣብ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ደምሓረን ኣስመራን ዝተዓወተት ኣትሌት ናዝራት ወልዱን ናይ ልዕሊ ዕድመ ናይ ትራክ ተወዳዳሪት ኣትሌት ራሄል ዳንኤል - ነፍሲ - ወከፎም 15,000 ናቕፋ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ውድድር ፓራ-ሳይክል 2ይ ዝወጸ ተጋዳላይ የናስ ሃይሉ 2 ሽሕ ናቕፋ ተሸሊሞም።

ኣትሌታት ኤርትራ፡ ኬንያ፡ ደቡብ ሱዳንን ኡጋንዳን ዝተሳተፍዎ 7ይ 'ማራቶን ኣስመራ - 2026'፡ ብ7 ሰነ ከምእተኻየደ ዝዝከር'ዩ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጥንሲን ጥዕናዊ ጸገማትን

ግዜ ጥንሲ ብሰሙንታት እዩ ዝቑጸር - ኣሰታት 40 ሰሙንታት ይጸንሕ (ብልምዲ 9 ወርሒ ኢልና ንገልጾ እዩ)። ዝጸንሶት እንቋቑሖ ኣብ ማህጸን ክትምዕብል ካብ ዝጀመረትሉ ግዜ ጀሚሩ ክሳብ እቲ ቆልዓ ዝውለድ ዘሎ ንውሓት እዋን 'ግዜ ጥንሲ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ጥንሲ፡ ኣብታ ነፍሰጾር ናይ ሆርሞን ምቕይያር ስለ ዝፍጠር፡ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ኪጋጥምዋ ይርአ እዩ። ገለ ካብኡም ምስ ኩነታት ጥንሲ ተኣሳሲሮም ዝመጽኡ ኮይኖም ንብር ዝረአዩ ክኾኑ እንከለው፡ ገሊኦም ግና ንህይወት ዘፈታትኑ ብምዃኖም ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮም እዮም።

ጓለንስተይቲ ጥንሲ ምዃና ዘርኢ ምልክታት ካብን ናብን ደቂ ኣንስትዮ ዝፈላለ እዩ። ጸግያት ደው ምባል ኣብ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ምልክት እዩ። ኣብዘን ቀዳሞት ሰለስተ ኣዋርሕ፡ ካብ ድቃስ ኣብ ዝበራበርሉ ዕውልውል ምባል፡ ከተምልስ ምድላይ፡ ድኻም፡ ሸውሃት ምዕጻው ወዘተ የርኢያ። ቃንዛ ጡብ ካብ ንብር ወጻኢ ምጽላም ኣፍ ጡብ እቲ ካልእ ምልክታት ጥንሲ እዩ።

ጓለስተይቲ ነፍሰጾር ምዃናን ዘይምዃናን ምልእ ብምልእ ዝኽእር ሕክምናዊ መርመራ ብምክያድ ጥራይ ምፍላጥ ግና ዘይምዝንጋዕ።

### ኩነታት ድቂ

ሓንቲ ነፍሰጾር ካብ ራብዓይ ወይ ሓምሻይ ወርሒ ጥንሳ ጀሚሩ እቲ ዕሸል ክንቀሳቐስ ከሎ ክትሰምዖ ትኽእል እያ። እታ ነፍሰጾር ጦር ምስ ዘይትኸውን ኑ ምንቅስቓስ ኣቐዲማ ከተስተብህሎ ትኽእል እያ።

እቲ ድቂ ሻውዓተ ወርሒ ኣብ ዝቑጸረሉ እዋን ኣሰታት 1 ኪሎ ግራም ይምዝን። ኣሰታት 35 ሰንቲ ሜትር ንውሓት ይህልዎ። እዚ ዓቐንዚ ካብን ናብን እታ ነፍሰጾር ክፈላለ ይኽእል እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ዕሸል ምሉእ ብምሉእ ክምዕብል ይርአ።

ዕሸል ኣብ መውዳእታ ናይ ጥንሲ ኣዋርሕ



ሚዛኑ ከባቢ 3 ኪሎ ግራም ይምዝን። ቅድሚ ሕርሲ ዘሎ ናይ መውዳእታ ወርሒ፡ እቲ ዕሸል ኣቃውምኡ ይቕይር። ርእሱ ናብ ጉሎ ናይታ ጓለንስተይቲ ይዝበር። ኩሉ ሃገሩ ንሕርሲ ድሉው ይኸውን።

### ጥንሲን ጥዕናዊ ጸገማትን

መብዛሕትአን ነፍሰጾራት፡ እቲ ጥንሲ ዝኾነ ጥዕናዊ ጸገማት ከየሰዓበለን እየን ዝሕለፋ። ገለ ግና ምስ ጥንሲ ተኣሳሲሩ ዝመጽእን ሕማማት ኣሎ። ሓደ ሓደ እዋን፡ እታ ጓለስተይቲ ቅድሚ ነፍሰጾር ምዃና ዝነበራ ጥዕናዊ ጉድለት፡ ኣብ ግዜ ጥንሲ ጸገማት ክፈጥረላ ይርአ እዩ።

ዝኾነ ኾይኑ፡ እታ ነፍሰጾር ብኣግኡ ግቡእ ጥንቃቐን ሕክምናዊ ምክትታልን ምስ እትገብር፡ ኣብ ልዕሊኣን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዕሸልን ክስዕብ ዝኽእል ሕልኽላኻትን ጥዕናዊ ጸገማትን ክውገድ ይከኣል እዩ።

### ጸቕጢ ደም

ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝመጽእ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ እቲ ካብ ልቢ ናብ ካልኦት ኣካላትን መዳሕንትትን ዝወስድ ሻምብቆ ደም 'ኣርተሪ' ምስ ዝጸበብ እዩ። እቲ ዝፍጠር ልዑል ጸቕጢ ደም ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ብምግባር ምቁጽጻሩን ምክትታሉን ምስ ዘይከኣል፡ ቅድሚ መዓልቱ ወይ ትሕተ ንብር ክብደት ሰብነት ዘለዎ ዕሸል ክትገላገል ዘለኪ ተኽእሎ ዝዓበየ እዩ።

### ሕማም ሽኮር

ነፍሰጾር ኣካላታ ብግቡእ ሽኮር ክምስርሕ ምስ ዘይክእል፡ ሕማም ሽኮር ኣብ ግዜ ጥንሲ ኪጋጥማ ይኽእል። እዚ ጸገም'ዚ ኣብ ደማ ልዑል ዓቐን ሽኮር ክህሉ ይገብር። ከምዚ ጸገም ዘጋጠማ ነፍሰጾር ምስ ሓኪም ብምርድዳእ ኣብ ኣመጋግባኣ ጥንቃቐ ክትገብር ይግባእ። ምስ ጥንሲ ዝመጽእ ሕማም ሽኮር ድሕሪ ሕርሲ ይጠፍእ እዩ።

### ምምራዝ ደም


ኣብ ነፍሰጾራት ዝርአ ምምራዝ ደም (preeclampsia) ድሕሪ 20 ሰሙናት ዕድመ ናይቲ ጥንሲ ኣብ ዘሎ ግዜ እዩ ዘጋጥም። ልዑል ጸቕጢ ደምን ሕማም ኩሊትን ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕብ ይኽእል። ከምዚ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም ዘጋጠመን ነፍሰጾራት ክሳብ ዝላኽላ ቀጻሊ ሕክምናዊ ሓገዝ እዩ ዝወሃበለን። ኣዝዩ ሓደገኛ ብምዃኑ'ውን ኑ ጥንሲን ኑ መዳሕንትትን ብኣግኡ ምእላይ ገለ ካብቲ ዝዓበየ ሕክምናዊ ሓገዝ እዩ።

### ምብርዓን ጥንሲ

ምብርዓን ጥንሲ ኣብ ቀዳሞት 20 ሰሙናት ግዜ ጥንሲ እዩ ዝርአ። ምብርዓን ጥንሲ ምሉእ ጥዕናዊ ብቕዓት ኣብ ዘለወን ነፍሰጾራት'ውን ከይተረፈ እዩ ዘጋጥም። ኣብ ገሊኣን'ውን ጥንሲ ከም ዘለወን ከየስተብሃላ ኪጋጥመን ይኽእል እዩ። ስለዚ እዚ ዓይነት ምስ ጥንሲ ዝመጽእ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ንምክልኻሉ ዝከኣል ኣይኮነን።

ስሕወ ደም

ስሕወ ደም (ማለት ኣነሚያ)፡ ኣብ ሰብነትና ትሑት ንብር ቁጽሪ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ምህላው እዩ ዘመልክት። 'ኣነምያ' ዘለዎ ሰብ ብቐሊሉ ድኻም ስብነት ይስምዖ። ቆርበት ሰብነቱ ፋሕሻው ይኸውን። 'ኣነሚያ' ብዙሕ ጠንቅታት እዩ ዘለዎ። ከም 'ኣይረን' ዝኣመሰለ መተካእታ መድሃኒት ብምውሳድ ኑ ጸገም ክትፍወሶ ይከኣል። ስሕወ ደም ብዙሕ ግዜ ኣብ ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ጥዕናዊ ጸገም እዩ።




ምስ ጥንሲ ብዝመጽኡ ጥዕናዊ ጸገማት ዝያዳ ተጠቃዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣየኖት እዮም፧

ሕዱር ሕማም ዘለወን ደቂ ኣሰንትዮ፡ ቅድሚ ነፍሰጾር ምዃነን ምስ ሰብ ሞያ ጥዕና ክዘራረባ ይግባእ።

ሕማም ሽኮር፡ መንሽሮ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ረኽሲ፡ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት (ንኣብነት 'ኤች.ኣይ.ቪ.')፡ ሕማም ኩሊት፡ ሕማም ምንፍርፋር፡ ዋሕዲ ደም ገለ ካብቶም ኣብ ግዜ ጥንሲ ጸገማት ክፈጥሩ ዝኽእሉ ሕዱር ሕማማት እዮም።

ብዘወሰኺ …

- ድሕሪ 35 ዓመት ዕድመ ነፍሰጾር ምዃን
- ትሕተ ዕድመ ነፍሰጾር ምዃን
- ግዙእ ኣወለፍቲ ቀመማት ጸይሕካ ነፍሰጾር ምዃን ኣብ ጥዕና ናይ'ታ ጓለንስተይቲ ከቢድ ጽልዋ እዩ ዘለዎ።

ሓንቲ ጓለንስተይቲ ነፍሰጾር ምዃና ምስ እተረጋግጽ ጥዕንኣን ጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ንምውሓስ ግቡእ ክንክን ክትገብር ይግባእ።

ኣይርከብን። ግቡእ ምንቅስቓስ ዘየካይዳ ነፍሰጾራት ልዕሊ ንብር ክብደት ሰብነት ከማዕብላ ዘለወን ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ብሕማም ሽኮር፡ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖን ሃርሃርታ ደምን ክጥቅዓ ይኽእላ እየን።

### ኣብ መግብታት ኣድህቦ ምግባር

ገለ መግብታት ብቐሊሉ ስለ ዝበላሸዉ ረኽሲታት ክፈጥሩ ይኽእሉ እዮም። እዞም መግብታት 'ቶክሶፕላስሞሲስ' (toxoplasmosis) ይበሃሉ። ገሊኦም ከም 'ሳልሞኔላ' (salmonella) ዝኣመሰሉ ጀርምታት ንመግቢ ብምምራዝ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም። ገለ መግብታት'ውን ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ኤ'ን 'ሜርኩሪ'ን ስለ ዘለዎም ንደረጃ ዕብየት ናይቲ ዕሸል ይሃስዩ እዮም።

ምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ምክትታል

ምንቅስቓስ ዕሸል እቲ ቀንዲ መሐበሪ ኩነታት ጥንሲን ዕሸልን እዩ። ነፍሰጾር፡ ካብ 24 ሰሙንታት ንደሓር ዘሎ ግዜ ጥንሲ ኣትሒዛ ንምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ብግቡእ ክትድህበሉ ይግባእ። ምንቅስቓስ ናይቲ



### እኹል ቫይታሚን 'ዲ'ን 'ፎሊክ ኣሲድ'ን ምውሳድ

'ፎሊክ ኣሲድ'፡ ቫይታሚን 'ቢ' ምዃኑ እዩ። ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል ኣብ መትናዊ ሻምብቆታት ጸገማት ከየማዕብል ዝሕግዝ መኣዝ እዩ። እዚ መኣዝዚ ናይ ምጥናስ መደብ ካብ ዝህልወኪ እዋን ኣትሒዝኪ ብግቡእ ዓቐኑ ክትወስድዮ ተመሪጹ እዩ። ጥንሲ ኣብ ዝሓዘኩሉ እዋን ክትጀምርዮ ከም እትኽእሊ'ውን ክኢላታት ይገልጹ እዮም። እቲ ጥንሲ ክሳብ 12 ሰሙንታት ዘቑጸር ክወሰድ ይከኣል።

ቫይታሚን 'ዲ'፡ እቲ ዕሸል ተረርን ጥዕና ዘለዎ ኣዕጽምቲ፡ ኣስናን ከምኡ'ውን ጭዋዳ ከማዕብል ይሕግዝ። መጠን 'ካልስዩም' ከምኡ'ውን 'ፎስፌይትን' ኣብቲ ዕሸል የመሓርር። ቫታሚን 'ዲ' ብመልክዕ መተካእታ ከኒናታት ይዳሎ እዩ። እታ ነፍሰጾር ዋሕዲ ናይዚ መኣዝዚ ከም ዘለዋ ምስ እትግንዘብ፡ ናብ ሓኪም ብምኻድ ክትወስዶ ይከኣል እዩ።

- ቆርበት ሰብነታ ምስ ዝፍሕሽ፡ ምስ ዝደርቕን ከምኡ'ውን፡
- ብዙሕ ግዜ ኣብ ገዛ ተዓጺጣ ብምውዓል፡ እኹል ጸሓይ ብርሃን ትረኽብ ከም ዘይብላ ምስ እትግንዘብ፡ ዋሕዲ ቫይታሚን 'ዲ' ከይህልዋ ናብ ሓኪም ብምኻድ ዘድሊ ምኽሪ ክትረኽብ ትኽእል እያ።

### ንጥፍቲ ምዃን

ነፍሰጾር ኩዩና ምንቅስቓስ ዘይተዘውትር እንተኾይና ንጥዕንኣን ንጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ጽቡቕ

ዕሸል ምስ ዝነድላ ናብ ሕክምና ብምኻድ ክቡእ መርመራ ክትገብር ኣለዋ።

### ግቡእ ቀላሕታ ኣብ ኣገዛብ ኣደቓቕሳ

ነፍሰጾር ብፍላይ ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ግዜ ጥንሲ፡ ኣብ ኣገባብ ኣደቓቕሳ ግቡእ ኣድህቦ ክትገብር ኣለዋ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብሕቖኣ ምድቃስ ምስ እተዘውትር፡ ዝሞተ ናጽላ ክትወልድ ዘለዋ ተኽእሎ ብዕጽፊ ከም ዝዛይድ መጽናዕትታት የመልክቱ። ነፍሰጾር ብጎኒ ክትድቅስ ከም ዘለዋ እዩ ዝምከር።

### ዘይንቡር ምልክታት ክጋጥማ ግቡእ ቀላሕታ ምግባር

ነፍሰጾር ኣብ ግዚኣ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ምስ እትገብር፡ ኪጋጥማ ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገማት ንምክትታል ኣጺጋሚ ኣይከውንን። ንጥዕንኣን ጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ንምሕላው፡ ብዓላ ኣብ ግዜኣ ትገብሮ ምክትታል ከም ዘሎ'ውን ክተስተብህል ይግባእ። እዞም ዝስዕቡ ምልክታት፡ እቲ ዕሸል ጽቡቕ ከም ዘየለ ዝሕብሩ እዮም።

- ምፍሳስ ደም ኣብ ርሕማ፡
- ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ፡
- ሃንደበት ዝመጽእ ቀጻሊ ቃንዛ ከስዐ፡
- ዘይገድፍ ከቢድ ሕማም ርእሲ፡
- ተደጋጋሚ ረሃጽ ኣብ ገጽ፡ ኣደን እግርን
- ሕውዝውዝ ምባል፡
- ተደጋጋሚ ሳሓ ኣብ ኣደን እግርን
- ምዝሓል ወይ ምጉዳል ምንቅስቓስ ዕሸል ወዘተ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቅንያት ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ኤውሮጳ



ኣብ ዝሓለፈ 150 ዓመታት ኣትሒዙ፡ ኣብ ዓለም ብሰንኪ እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ናብ ጠፈር ዝበንን በከልቲ ጋዛት፡ ክሊማዊ ለውጢ እናዓበየ ክመጽእ ንዕዙብ ኣለና። እዚ ከኣ ካብ ዝተፈላለዩ ፋብሪካታት፡ ኢንዱስትሪታት፡ ተሽከርከርቲ፡ መራኽቡ፡ ነፈርቲን ካልኦትን ብዘወጽእ ትኪ ዝስዕብ ኮይኑ፡ ንመነባብሮ ደቂ-ሰብ፡ እንስሳታትን ኣትክልትን ብኣሉታ ይጸሉ ኣሎ።

ሓያሎ ሃገራት፡ ብሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ክሳቐያ፡ ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ሰባት ክሞቱ፡ እንስሳታት ክጸንቱ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ቅርጺ ከቢድ ዕንወት ክወርድ፡ ተደጋጋሚ ተርእዮ ዓለምና እዩ ኮይኑ ዘሎ። በዚ ከኣ ብክሊማዊ ለውጢ፡ መላእ ዓለም ብኣሉታ ክጽሎ ንርኢ ኣለና። ይኹን'ምበር፡ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ኣብዚ ሕጂ እዋን ሕልፊ ካልኦት ኣህጉራት ንኤውሮጳ እዩ ኣዝዩ ጸልዩዋ ዘሎ። ካብ ትጽቢት ወጻኢ ዝኾነ ማዕበል ሙቐት፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ናይ'ታ ኣህጉር ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራታት ከውርድ ይረአ ኣሎ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ ዛጊት ምስ'ቲ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት ብዝተኣሳሰር፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ጥራሕ፡ ኣብ ኤውሮጳ ብውሕዱ 1300 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 150 ሚልዮን ሰባት ድማ በቲ ብርቱዕ ዋዒ ብኣሉታ ተጸልዮም ኣለዉ። በዚ ከኣ ኣብ ሰፋሕቲ ከባቢታት ኤውሮጳ ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ድንጋገ ተኣዊጁ ኣሎ። ኤውሮጳ በቲ ተመዝጊቡ ዘሎ መጠን ወሰኽ ሙቐት፡ ምስ ካልኦት ኣህጉራት ክትወዳደር እንከላ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እያ ትስራዕ። ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ሕልፊ ካልኦት ኣህጉራት፡ ኣብዛ ኣህጉር እዮም ጌናም ዝረኣዩ ዘለዉ። ኤውሮጳ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 1976 ዘመዝገበቶ ታሪኻዊ ምንባሩ ዝነገረሉ ልዑል መጠን ሙቐት ጥራሕ፡ ልዕሊ 2 ዲ.ሰ. ዝበጽሕ ወሰኽ ሙቐት ኣመዝጊባ ኣላ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብታ ኣህጉር ብርቱዕ ዋዒ ብዘስዓቦ ባርዕ መሮር ልዕሊ 400 ሽሕ ሄክታር መሬት ከም እተሃሞኸ እዮም ጸብጻባት ዝጠቕሱ። እዚ ማለት፡ ካብ'ቶም ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑዳት ዝተመዝገቡ ተመሳሰልቲ ሓደጋታት፡ እዚ ናይ ዓሚ ብልዕሊ 2 ሚእታዊት ይዓቢ። ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ኤውሮጳ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት ንምቅላስ ሓባራዊ ጻዕርታት እንተ ደኣ ዘይተኻየዱሉ፡ እቲ ሙቐት ብተዓጻጻፊ መጠን ክውሰኽ ከም ዝኽእል እዩ ግምታት ዘሎ። ሃገራት ኤውሮጳ፡ ምሉእ ብምሉእ ናብ ተሓዳሲ ጸዓት ክሰጋገራን ካርቦን ምጥቃም ደው ክብላን ከኣ፡ እቲ ቀዳማይ መፍትሒ ናይዚ ዝምዝገብ ዘሎን ብሕጂ እውን ብኣዝዩ ሓደገኛ ደረጃ ክምዝገብ ዝኽእልን መጠን ሙቐት ምዃኑ ክኢላታት የረድኡ።

ብመንገዲ ማዕከናት ዜና ዓለም ንዕዘቦ ከም ዘለና፡ ጀርመን፡ ሃንጋሪ፡ ብሪጣንያ፡ ኦውስትርያ፡ ዝርላንድ፡ ዴንማርክን ስዊዝርላድን ኣብ ዝርከብኣን ብርክት ዝበላ ሃገራት ኤውሮጳ፡ መጠን ሙቐት ናብ 40 ዲ.ሰንቲ ግሬድን ልዕሊኡን እዩ ደዩቡ ዘሎ። በዚ ከኣ ኣብ'ተን ሃገራት ከቢድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ቅልውላው ተፈጢሩ ኣሎ። ሓያሎ ኣብያተ ትምህርቲ ተዓጽየን፡ ሰባት ናይ እግሪ ምንቅስቓሳቶም ክግደቡን ኣብ ኣባይቶም ክዕጸዉን ተገዲዶም ከም ዘለዉ እዩ ዝንገር። ብደረጃ ዓለም ካብ 2000 ክሳብ 2019 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ጥራሕ፡ ምስ ብርቱዕ ሙቐት ብዝተኣሳሰር ሕማማት ኣስታት 489 ሽሕ ሰባት ሂወቶም ስኢኖም - ብመሰረት ጸብጻባት ውድብ ጥዕና ዓለም። እዚ ኣሃዝ'ዚ፡ ሓደ ስድሲት ናይቲ ብሰንኪ ክሊማዊ ምዝባዕ ዝስዕብ ዘሎ መጠን ሞት ከም ዝሸፍን ከኣ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይሕብሩ። ብተወሳኺ፡ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ዝኾኑ ብርቱዕ ሙቐት፡ ደርቂ፡ ዕልቕልቕ፡ ባርዕ ጫካን ካልኦትን፡ ሕልፊ ካልኦት ሃገራት ኑተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ከም ዝጸሉ ዝሓበረ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት መዓልታዊ ብሰንኪ ብርቱዕ ሙቐት ዝምዝገብ መጠን ሞት ብ20 ሚእታዊት ዛይዱ ከም ዘሎ የመልክት። ሊቃውንቲ ዓለምና ብወገኖም፡ መጠን ወሰኽ ሙቐት ዓለም ኣብ 1.5 ዲ.ሰ ንምድራት ብተደጋጋሚ ጻውዒት ከቕርቡ ምጽንሖም ይፍለጥ።

ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣብ መውዳእታ ናይዚ ኣቲናዮ ዘሎና ዘመን፡ ብሰንኪ ብርቱዕ ዋዒ፡ ዓመታዊ ካብ 8 ሽሕ ክሳብ 80 ሽሕ ሰባት ክሞቱ ከም ዝኽእሉ መጽናዕትታት ይሕብሩ። በዚ ከኣ፡ ዝተፈላለያ ሃገራት ንዝመጽእ 2050 ክትግበራኦ ዘኣተዋኦ ዘለዋ መብጽዓታት እኹል ከም ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝቕጽላ 10 ዓመታት ናይ ሓጺር እዋን መደባተን ሓንጺጸን ጻዕርታት ንኸካይዳ ጸቕጢ ክገበረለን ከም ዘለዎን እዮም ሊቃውንቲ ናይቲ ዓውዲ ዘተሓሳስቡ ዘለዉ። ብመሰረት እቶም ሊቃውንቲ፡ ኣብ ኣህጉር ኣንታርክቲካ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ዓመታዊ 135 ቶን በረድ ይመክኽ ኣሎ። ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ከኣ ወሰኽ ሙቐት ባሕሪ እዩ።

ዋዕላ ክሊማዊ ለውጢ፡ ንፈለማ እዋን ኣብ 2015 ኣብ ከተማ ፓሪስ - ርእሰ ከተማ ፈረንሳ ኣብ ዝተቓንዓሉ ግዜ፡ ሸዑ ተሳቲፍቲ ዝነበራ 195 ሃገራት፡ መጠን በከልቲ ጋዛት ንምንካይ እኳ ስምምዕ እንተ ከተማ፡ 85 ሚእታዊት ካብኣተን ግን ብሰንኪ ዘቕረባኦ ናይ ውሽጠን ጸገማት፡ ንትግባረኡ ይሰርሓ ከም ዘየለዋ እዩ ዝግለጽ።

በዚ ከኣ፡ ህዝቢ ዓለም ድሮ ብሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ክሳቐ ጀሚሩ ከም ዘሎ ይሕበር። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ሰፍ ዘይብል ሰባዊን ንዋታዊን ክሳራታት ይወርድ ኣሎ። ዓለምና ተትክኾ ዘላ ልዑል መጠን ካርቦን ምስ ዘይተጉድሎ ድማ፡ እቲ ከቢድ ክሳራታት መሊሱ ብዕጽፍታት ክዓቢ ይኽእል እዩ። እዚ ሕጂ ብኤሊ-ኖን ዝፍለጥ ምዝንባዕ ኩነታት ኣየር ዘውርዶ ዘሎ ሃሰያ ኣብ መጀመርታ ደረጃኡ እዩ ዘሎ - ብመሰረት ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ። እቶም ክኢላታት ከም ዝገልጽዎ፡ ኤሊ-ኖን ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ማዕጾ ጥራሕ እዩ ዝኹሕኩሕ ዘሎ። ብሕጂ ንና ከውርዶ ዝኽእል ሓደጋታት ንኽትሓስቦ'ውን ዘሰንብድ ክኸውን ከም ዝኽእል ድማ የረድኡ። ስለዚ ድማ'የም በከልቲ ጋዛት ብህጹጽን ጽኑዕን ኣገባብ ክድረቱ ኣለዎም ዝብሉ ዘለዉ። በከልቲ ጋዛት - ከም ምትካኽ ካርቦን-ዳይኦክሳይድን ሚተይንን ዝኣመሰሉ ኮይኖም፡ ናብ ጠፈር ብምብናን ንመላእ ዓለም ከቢድ ዕንወት ዘውርዱ እዮም።

እዚ ክግበር እንተ ዘይተኻኢሉ ግን፡ መጠን ሙቐት ዓለምና ሓድሽ ክብረ-ወሰን እናሓዘ ብምኻድ፡ ንዝመጽእ ወለዶታት ኣብ ከቢድ ሓደጋ ከውድቕም ምዃኑ እዩ መጠንቀቕታ ዝወሃብ ዘሎ።

በዚ ከኣ፡ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ ዓመታት ክኸሰት ዝኽእል ሓድሽ ማዕበል ሙቐት ከውርዶ ዝኽእል ሃሰያ፡ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ከም ዝኸውን ክሱሓት ዘይብሉ ሓቂ እዩ። መብዝሕትኡ እዋን፡ ኣካላትና ልዕሊ'ቲ ብቐሊሉ ክጻወሮ ዝኽእል መጠን ሙቐት ምስ ዝረክብ እዩ ንሓደጋ ዝቃላዕ - ብመሰረት እቶም ጸብጻባት። እዚ ማለት፡ ንንውሕ ዝበለ መዓልታት፡ ኣካላትና ለይትን ቀትርን ኣዝዩ ብርቱዕ ሙቐት ምስ ዝረኽቡ፡ ክጭነቕ ይጅምር። በዚ ከኣ እቶም ዝያዳ ተኣፈፍቲ ዝበሃሉ ኣረጋውያን፡ ኑብስ-ጾራት፡ ቆልዑ፡ መጽለሊ ዘይብሎም ሰባት (ግዳም-ሓደራት)፡ ሕዱር ሕማም ዘለዎም፡ ስርሖም ካብ ውሽጢ ገዛ ወጻኢ ማለት ኣብ ጎደናታት ዘሰላስሉ ሰባት ቀንዲ ተጠቃዕቲ ይኾኑ።



---

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጸብጻብ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ኣረና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:10 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሴላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 1ይ |
| 19:25 | ፊልም እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ቴረብ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳውን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊልም እንዳ ዝማም |

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ፕሮጀክት ዓዲ ሃሎ፡ ተወርዋሪ ኣሃዱ ልምዓት እዩ”

ሰኣሊ.- ኣብርሃም በየነ

2ይን መወዳእታን ክፋል

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ረቡዕ ሕታምና፡ ጸገማት ማይ ንምፍታሕ ኣብ ዲጋ ቶኾር፡ ብሰራዊት ልምዓት ንዝቐጽል ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ጻዕሪ ኣመልኪትና፡ ምስኡ ኣብ'ቲ ቦታ ልምዓት ተዋፊሮም ዝርከቡ መራሕቲ ሰራሕ ቃለ-መሕትት ኣካይድና ነይርና። ንሎሚ ድማ 2ይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ።*

**- ኣብ'ዚ በዓሚ ኣጻድፍ ዝኾነ ቦታ፡ ኣድላይነት ምህናጽ ናይዚ ጽርግያ እንታይ እዩ ትብል ኢንጅነር ዳኒኤል፧**

ምናልባት እዚ ተበጊሱ ዘሎ ፕሮጀክት ምምሕያሽ ናይ መስመር ማይ እዩ። ጽርግያ ከኣ፡ ሓደ ካብቶም ዓንዲ ሕቖ ናይ'ዚ እንሰርሖ ዘለና ዕዮ ኰይኑ ኢና ንረኽቦ። ምኽንያቱ እዚ ኣገልግሎት'ዚ ጸቡቕ ወጽኢት ክህብ እንተ ደኣ ኰይኑ፡ እቲ ናይ ተሸከርከርቲ መስመር ክህሉ ክምችእን ኣለዎ። ብሓፈሻ ናይ ጽርግያ ኣገልግሎት ክውሓሰን ዘድሊ ንብረት ናይ'ቲ ዲጋ ክሓልፍን እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ጽርግያ መሰረታዊ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ



ኢ.ንጅ/ ዳኒኤል ግርማጽዮን

መጻኢ ናብ'ዚ ቦታ ክኣቱ ዝተባህለ ከበድቲ ማሽነሪታት ክሓልፈሉ ዝኽእል ኣብ ግምት ኣእቲኻ ዝተበገሰ ፕሮጀክት እዩ። እዚ ዘለናዮ ቦታ ብኹሉ ኩነታቱ ክትርእዮ እንከለኻ፡ ኣዝዩ በዓሚ ዝኾነ ቦታ እዩ። ምስ'ቲ ተበጊሱ ዘሎ መደባት ከኣ፡ እዚ ፕሮጀክት'ዚ ጉደኒ-ጉደኒ ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ዝወሃብ ኣገልግሎታት፡ ንዕኡ ብዝምጥን ቀረብ ናይ ማሽነርታት ኣገልግሎታት ተባሂሉ ዝተኻየደ መደብ እዩ። ስለ'ዚ ዓቢ ኣገዳስነት ክህልዎ ከም ዝኾነ ዝሰሓት ኣይኮነን። ምናልባት ንሕና ምስ እዚ ተበጊሱ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ተኣሳሲሩ ዝቶዩድ ዘሎ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ፡ መንግስቲ ሓደ ካብ ዓበይቲ ቀዳምነታት ኣብ ቀረብ ማይ ዘካይዶ ዘሎ ወፍሪ ምስ ምኳኑ፡ እቲ ዘለዎ ኣገዳስነት ልዑል ምኳኑ ኢና ንኣምን።

**- እዚ ቦታ ክትርእዮ እንከለኻ ኣጻድፍ ዝመልኡ ተረር ዓቐብ እዩ'ሞ፡ ከመይ ገይርኩም ኢኹም ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ወዲእኩሞ፧ እቲ ዘጋጠመኩም ዝበረ ብድሆታት እንታይ ትገልጹልና፧**

ፕሮጀክትታት ዓዲ-ሃሎ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ትንፋስ ዘይህብ መደባት ቅልጡፍ ዝኾነ ፍታሕ ኣብ ምግባርን ኣብ ምሃብን ንዓና ናይ መጀመርታ ተመኩሮና ኣይኮነን። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣብ ብዙሕ መዳያት ደረጃታት ህንጻ ንሳተፍ ኢና። እዞን ኣሃዱታት ፕሮጀክት ድማ፡ ኣብ ከምዚ ዕማማት ክሰተፋ ዝቖማ ኣሃዱታት እየን። ብዘዕባ ብድሆታት እንተ ኾይኑ ኣብ ኩሉ ዝግበር ንጥፈታት ኣለዉ። ካብ ብድሆታት ኪጋጥም ንቡር እዩ። ከም ዝኾነ ዝጋጥመና ብድሆ ክንሰግሮ ስለ ዘለና፡ በቲ ኣልካ በዚ ይብዓህ እዩ። እቲ ዘይከላድ ንዓና ዘጋጥመና ብድሆታት፡ ቀረብ ማይ እዩ። እዚ ኣብ ህዝቢ ጸቕጢ ክፈጥር ግድነት እዩ። እዚ ኣሃዱታት እዚ ብተመኩሶ ደረጃ ንዕኡ ዝበቅዕ ምድላዋት ብምግባር እዩ ገጢምዎ። ስለ'ዚ ብሓፈሻ እቲ ኣብ'ዚ ዝበረ ብድሆ ከም ዝኾነ ዘጋጥመና ንብር ብድሆ ኢና ሰጊርናዮ ሓሊፍና። እቲ ኣብ'ዚ ዘሎ ኣሃዱ'ውን ብዕቱብ ስለ ዝተቓለሰ፡ ብዙሕ ኑቲ ዘጋጥም ብድሆ ኣጉሊሕካ ትዛረበሉ ኣይኮነን። ልሙድ ስራሕና ስለ ዝኾነ ማለተይ እዩ። ንዓና ሓዲሽ ነገር ኣይኮነን። ኩሎም ኣካላት ኑቲ ዘድልየና ነገራት ይዋስኡ ስለ ዝበሩ'ውን፡ ከም ሓደ ዓቢ ብልጫ ኢና እንወስዶ። ኣብ'ዚ፡ ኩሉ ኣድን ጓንትን ኰይኑ ዝ. መደብ ንምዕዋት እዩ ሰሪሑ። በቲ ዝመስለና ሃጸቲ ሓሳባት እናተሓጋገዝና ኢና ንኸይድ። ኩሉ ከም መራሕን ሓላፊን ኰይኑ ብወኒ ስለ ዝሰርሐ፡ ካብ'ቲ ዓበይቲ ብልጫታትናን ዓወታትናን እዩ። እዚ ከኣ ንቡር ተርእዮን ባህልን ናይ ፕሮጀክትታት ዓዲ ሃሎ እዩ።

**- ንዓኻ እውን ክንሓተካ፧**

ጆሜትራ የሃንስ ሙሉ እበሃል። ኣብ ክፍሊ. ማይ ዞባ ማእከል ሓላፊ ጨንፈር ረሳሕ ፊሳሲ. ኰይነ እሰርሕ ኣለኹ። ድሕሪ ባይታ ናይ'ዚ ዝሰራሕ ዘሎ፡ ክንጠቕስ እንተ ደኣ ኴንና፡ ብመሰረቱ እዚ ኣብ 1998 ክህነጽ ዝጀመረ ኰይኑ፡ ኣብ 2002 ከኣ ግቡእ ስርሑ ዝጀመረ ዲጋ እዩ። እዚ ዲጋ'ዚ ንሰሜናዊ ክፋል ኣስመራ ጽሩይ ዝስተ ማይ ዝዕድል እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ብመንግስቲ ዓቢ. ወፍሪ ተገይሩሉ ኣሎ። ንምሕዳስ ናይ'ዚ መጨንገዒ ማይ ተባሂሉ ብኸበድ ወጻኢታት ዝመጽኤ ሰለስተ ፖምፓታትን ክልተ ናይ ትሕጃ ጀነረተራትን ኣብ ምትካል ተዋፊርና ንርከብ ኣለና።

ብተወሳኺ ዝ. ስራሕ'ዚ ንምዕዋት ዕማም ሓዲሽ ጽርግያ ተሃኒጹ። ክቡደት ናይ'ቲ ስራሕ ብምግንዛብ፡ ንዕኡ ዝምጥን ብፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ብህጹጽን ኣብ ዝሓጸረ እዋንን ብጽፉፍ ኣገባብ መሲግገሪ ዝኸውን ሓደ ዓቢ. ቢንቶ ተሰሪሑ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ መሰርሕ ኑቲ ዝኣረገ መስመራት ፖምፓታት ኣወጺኻ፡ ኑቲ ሓዲሽ ንምግጣም እዩ ነይሩ። ኣብዚ. መሰርሕ'ዚ ክብድ ዝበሎ እቲ ዝሰራሕ ዝበረ ስራሕ እናቐጸለ እንከሎ፡ ዕደላ ማይ ከየቋረጽና ወጋሕ ሕደር ዘይብሉ ኣብ ስራሕ ኢና ተጸሚድና። እዚ ከኣ'ዩ ኣዝዩ ከቢድ ዝነበረ። ከም ዕድል እቶም ዘለዉና ሰብ ሞያ ወይ ክኢላታት መንእሰያት ሓያሎ ዝተመደበና ይኹኑ ነበራት፡ ብትግሃት ንህዝቢ. ኣብ ኣገልግሎት ዝውዕል ምኳኑ ፈሊጦም ብእምነት ስለ ዝሰርሑ፡ ኣብ ከም'ዚ ደረጃ በጺሕና ኣለና ክብሃል ይከኣል።




**- ዝተሓልፈ. መስርሕ ወፍሪ ናይ'ዚ ስራሕ እንታይ ይመስል፧**

ብዛዕባ ዝተሓልፈ. መስርሕ ንምግላጽ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ መጀመርታ ዝ. ስራሕ እዚ ንምስራሕ፡ እቲ ዝበረ ናይ ናፍታ መዐደሊ. ማይ ብኤለትሪክ ንኽሰርሕ እዩ እቲ መደብ ወጺኡ። ዝ. ንምግባር ድማ፡ ካብ ቀድሚ ሓሙሽተ ዓመት ብኽኢላታት ሰብ ተመኩሮን ሓያሎ መሃንድሳትን መንእሰያትን ደቂቕ መጽናዕቲ እዩ ተኻዪዱሉ። ምኽንያቱ ኣብ'ዚ ዝበረ ፖምፓታት ስለ ዝኣረገ፡ ዕደላ ማይ ዳርጋ ናብ ምቁራጽ ደረጃ በጺሑ ነይሩ። ዝ. ፊዚብካ መሲጋገሪ ንምግባር ሓዲሽ መደብ ወጺኡሉ። ከምኡ ኣሉ ክቕጽል ስለ ዘይክእል፡ ንውሕ ዝበለ መስርሓት እዩ ሓሊፉ። ካብ ሓደ ኣገባብ ናብ ካልእ ኣገባብ ክትቅይር እንከለኻ፡ ድቕቕ ዝበለ መጽናዕቲ ስለ ዘድሊ፡ ንዓኻ ዘዋጽኣካ ምስ ዓቕሚ ሰብኻን ቁጠባኻን ዝኸይድ ነገራት'ውን ክትጉበር ስለ ዘለካ፡ መጀመርታ ሰፊሕ ዝበለ መጽናዕትታት እዩ ተኻዪዱሉ። ንዕኡ ዝምጥን መጽናዕቲ ምስ ተጻፈፈ. ድማ፡ ናብ መስርሕ ዕድጊ ተሰጊሩ። ኣብ ዕድጊ እቲ መስርሕ ኣብ 2020 ተውዲኡ፡ እቲ ንብረት ድማ ኣብ 2022 ናይ ምእታው መስርሕ ተጀሚሩ። ብድሕሪ'ዚ፡ እቲ ናይ ምትግባሩ መደብ እዩ ሰዒቡ። ዝ. ንምትግባር ድማ፡ ክኢላታት የድልዩና፡ ሓያሎ መንእሰያት ክትምህርን ክትምልምልን ኣለካ። ዝ. ድማ ካብ ምውህሃድ ሞያዊ ጸጋ ሰብ ዓዲ ሃሎ፡ ሓያሎ መንእሰያት ከም ዝምደቡ እናተገበረ ኑቲ ዝበረ ኣሰራርሓ እናወረሱ ብምኻድ፡ ዝ. ሓዲሽ ስራሕ ባዕሎም ከም ዝገጥምዎ ብምግባር እዩ እቲ መደብ ተታሒዙ። ኣብ 2026 ወርሒ. ሓደን ክልተን ድማ፡ ናይ መጀመርታ ንብረት ተረኪብና። ንምውራዱ ግን፡ ሓደ ዕንቅፋት ኣጋጢሙ።

**- እንታይ ዕንቅፋት ኣጋጢሙ፧**

ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ፡ ኑቲ ዝመጽአ ንብረት ናብ ታሕቲ ክወርድ ኣጸጋሚ ኰይኑ። ስለ'ዚ ሓዲሽ ጽርግያ ከም ዝሰራሕ ተገይሩ። እዚ ተሳሊጡ እቲ ሓዲሽ ንብረት ክወርድ ምስ ጀመረ፡ ኣብ ወርሒ. ኣርባዕተ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ንብረት ምግጣም በጺሕና ማለት እዩ። ጎኒ-ጎኒ ናይ ምግጣም ጸዓት'ውን ስለ ዘድሊ. ንምስራሕ ምስ ኮርፖረሽን ኤለትሪክ ሰ.ቲ ኤርትራ ብምውህሃድ፡ ጎኒ-ጎኒ መጽናዕቲ እናተገበረ፡ ሓደሽቲ ትራንስፎርመራት ምስኡ ዝኸይድ መገጣጠሚታት ወይ መዐደሊ. ጸዓት ዘገልግል መሳርሒታት ከም ዝግጠም ተገይሩ። ሓዲሽ ናይ ትራንስፎርመር ገዛ ከም ዝህነጽ'ውን ተገይሩ። ንዝተረፈ. ናይ መወዳእታ ዕማም ድልው ኰይኑ ኣሎ ማለት እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እቲ በጺሕናዮ ዘለና ደረጃ ክረኣ እንከሎ፡ ዳርጋ 95 ሚእታዊት ናይ'ቲ ዕማም ተዛዚሙ ኣሎ። ኣብ ናይ ፈተነ ደረጃ እዩ ተበጺሑ ዘሎ።

**- እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዚ ዕማም ግን እንታይ እዩ ጆሜትራ፧**

እቲ ቀንዲ ዕላማ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዘጋጠመ ሕጽረት ማይ ንምፍታሕ እዩ። ዝ. ንምትግባር ከኣ፡ 24 ሰዓታት ብዘይ ምቁራጽ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ ክረክብ ስለ ዘለዎ፡ እተን ኣትየን ዘለዋ ፖምፓታት ንእንሰርሖ ዘየቋርጽ ዕደላ ማይ በብሰዓተን ንምርግጋጽ እዩ።

**- ኣብዚ. እዋን'ዚ ዲጋ ቶኾር ሒዝዎ ዘሎ ትሕዝቶ ማይ ሓበሬታ ክትህበና፧**

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ዲጋ ቶኾር ሒዝዎ ዘሎ ትሕዝቶ ማይ ዘተኣማምንን፡ ኑቲ ዝተታሕዘ ዕላማ ንምህራም ዘኽእለሉ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ጸቡቕ ደረጃ ኢና ዘለና ክንብል ንኽእል።

**- ምስ እዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ሸግር ማይ፡ ክጥቀስ ኣለዎ እትብሎ ሓበሬታ ክትህበና፧**

ኣብ መጠቓለሊ. ክይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይብሉ፡ እቲ ብመንግስቲ ዝግበር ዘሎ ዓቢ. ወፍሪ ኣብ ጸላት ማይ፡ እዚ. ሓደ ካብኡ እዩ። ምኽንያቱ እዚ. ፕሮጀክት'ዚ ጠሊብዎ ዘሎ ወጻኢታት ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ምሉእ ብምሉእ ከኣ ብመንግስቲ ዝሽፈን ዘሎ ግዚፍ ዕማም እዩ። ጎኒ-ጎኑ ግን ወፍሪ ኣውፊርኑ ሰራሒ. ኣካል እንተ ዘየለ ዓቢ. ጸገም እዩ። ዝ. ንምግባር'ውን ኣቐዲሙ ብምውህሃድ ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ዓዲ ሃሎ፡ ቀጻሊ. ዝወሃብ ናይ ሞያ ስልጠናታት ስለ ዝበረን ከምኡ'ውን ኣብ ቴክኒካል ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኮሌጃት ክመሃሩ ዝጸንሑ መሃንድሳትን ኣብ'ዚ ከም ዝሳተፉ ተገይሩ። እቶም መንእሰያት ድሉዋት ኰይኖም ምጽንሖም፡ እዚ. ንባዕሉ ዓቢ. ጸጋ እዩ። እዚ ከኣ፡ እቲ ኣቐዲሙ መንግስቲ ወፍሪ ክጉበረሉ ዝጸንሐ ስጉምቲ፡ ናቱ መርኣያ እዩ። ኣብ'ዚ እዋን እዚ ከኣ፡ ብዘይ ናይ ደገ ሓገዝን ደገፍን ምሉእ ብምሉእ ብዜጋታት ውሽጢ. ሃገር ከም'ዚ ዓይነት ተሰሪሑ ኣብ ፍረ በጺሑ ክትርእዮ ዘሕጉስን ዘተባብዕን እዩ። ምሳና ዝሰርሑ ዘለዉ. ንኣሽቱ መንእሰያት'ውን ዝ. ስራሕ ባዕሎም መሊኾም ብዘይ ደገፍ ክሰርሑ ክትርእዮም እንከለኻ፡ ኣዝዩ ዘሐጉስ ነገር እዩ።

**- ናብ ህዝቢ. ዝቐንዐ እተሕልፎ መልእኽቲ እንተ ደኣ ሃልዩ ዕድል ክህበካ፧**

ኣነ ኣብዚ. ከሕልፎ ዝደሊ. መልእኽቲ፡ ንህዝቢ. እየ ክምጉስ ዝደሊ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ባህርያዊ ናይ ማይ ሕጽረት ኣብ ዘጋጥመሉ፡ ህዝቢ. ኑቲ ዘጋጥም ግዚያዊ ሸግር ተጻዊሩ ብዘይ ዝኾነ ጸቕጥን ብኸመይ ከም ዝፈትሖ ማዕረኻ ክኾኑን ኣብ ጉድኒኻ ኰይኑ ሓሳባትን ሓገዛትን ከበርክተልካ ክትርኢን እንከለኻ፡ ኣብ'ዚ ዝዓቢ. ጸጋ የለን እየ ዝብል። ምኽንያቱ ጸገም ኣጋጢምዎ ንሸግሩ ክፈትሐ ዝገዩ ህዝቢ. ጥራሕ ኣይኮነን ዘለና፡ ኑቲ ሸግር ኣብ ጎድኒ እቲ ዓያዩ ኣካል ኰይኑ ንምቅላስ ዝጓየ ህዝቢ. ስለ ዘለና ኣዝዩ ዘሐጉስ እዩ። ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ዝጉበረልና ቀረብ ማሽነሪ፡ ዓቕሚ ሰብን ናይ ንብረት ጸጋታትን ክምስገን ዝግበኦ እዩ። ብሓፈሻ ኩለን ኣብ'ዚ ስራሕ ንዝተሳተፉ ትካላት ልዑል ምስጋና ነቕርብ።

**- ንሰኻ'ኸ ብጻይ፡ ገዛእ ርእሰኻ ብምልላይ፡ እዚ. ሰራዊት ልምዓት ዘሰላስሎ ዘሎ ንጥፈታት ክትሕብረና፧**

ሱሌማን ዑስማን ጅምዕ እበሃል። ከም ሓላፊ ናይ'ዚ ‘ፕሮጀክት 8’ ናይ ዓዲ ሃሎ ኰይነ ድማ እሰርሕ ኣለኹ። ከም'ዚ ኣቐዲሙ ኢንጅነር ዳኒኤል ዝበሎ፡ እዚ. ስራሕ ናይ'ዚ መደብ ምስ ተጀመረ፡ ኩሉ ሞያዊ ይኹን ዝቐረብናዮ ዓቕሚ ሰብ ኢደይ ኢድካ ኢሉ እዩ ኣብ ውሽጢ. ወርሒ. ዘይመልእ ዝ. ዕማም'ዚ ዳርጋ ፈጺምዎ ዝርከብ። ክሳብ ብግዜ ሰይቲ እንሰርሓሉ እዋናት'ውን ነይሩ እዩ። ዝሓዝናዮ ስራሕ ኣብ መፈጸምትኡ ክሳብ ዝበጽሕ ድማ፡ ኩሉ ዓቕሚ ሰብናን ማሽነሪታትናን ኣብዚ. ስራሕ'ዚ. ብልዑል ኒሕ ኩቲቱን ተሳቲፉን። ዕወት ዝኾነ ስራሕ ድማ ዓሚሙ። ኣብ'ዚ. 140 ዝኾውን ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ድማ ኣሳቲፍና። ናይ ብሓቂ ሰራዊትና ሓያል ሰራዊት እዩ። ትማሊ. ኣንጻር ተጻባኢቲ ሓይልታት መኪቱ፡ ሕጂ ድማ ኣብ ናይ ልምዓት ቦታታት ኰይኑ ሃገሩ እናልምዐ ንቕድሚት ይምርሽ ኣሎ። ኣብ መላእ ሃገር ተዘርጊሑ ድማ ይሰርሕ ኣሎ። እዚ. እዩ ድማ እቲ ተልእኾ ናይቲ ሓፋሽን መንግስትን። ብዓብይኡ ከኣ ሕድሪ ሰማእታትና ኣብ ዝጠንና ኰይኑ ሕሹኽ ስለ ዝብለና፡ ኣብ መዛዝሚኡ ንምብጻሕ ወትሩ



ጆሜትራ የሃንስ ሙሉ



ሱሌማን ዑስማን ጅምዕ

ኣብ መኸተ ልምዓት ንርከብ ኣለና ክብሃል እኽእል።

**- ብጻይ ሱሌማን፡ ምስ'ዚ ክትገልጸለይ ዝጸናሕካ ብምግንዛብ፡ ንኣሃዱ ልምዓትን ህንጻን ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ብኸመይ ትገልጾ፧**

ኩልና ከም እንፈልጦ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ተወርዋሪ ኣሃዱ እዩ። መንግስቲ ቀዳምነታቱ ኣብ ዘለልየሉ እዋን፡ ወፍርታት ሰሪዑ ንዕኡ ከሳስል ዝቖመ እዩ። ኣብ መላእ ሃገር ፋሕ ዝበለ ግዚፍ ዕማም ተሰኪሙ ዝጉዓዝ ሓላፍነታዊ ኣሃዱ ልምዓት እዩ። ናይ'ዚ እንገብሮ ዘለና ወፍሪ ፍልይ ዝበሎ ግን፡ ናይ ማይ ሕቶ ንምውሓስ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ እዩ። ብዓብይኡ እዚ. ዘለናዮ ትሑት ዝተኸዘ ናይ ማይ ትሕዝቶ ዘለወን ዲጋታት ኣብ ዝሓለፈ. ዓመት ብፍላይ ብዙሕ ስለ ዘይነበረ፡ ምስ ካልእ ኩነታት'ውን ተኣሳሲሩ፡ ቀረብ ማይ ዳርጋ ናብ ኣሲጋኢ. ኩነታት በጺሑ ኣብ ዝተበሃለሉ ኩነታት፡ እዚ. ወፍሪ'ዚ. ስለ ዝተበገሰ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክግበር ከም ዘለዎ ብሓለፍትና መምርሒ. ተዋሂቡና። ንሕና ከኣ ኣተግቢርናዮ ኣለና። ተልእኾ ሰማእታትና ንምፍጻም ወትሩ ድሉዋት ኢና። ንእንሰርሖ ዘለና ንጥፈታት ክትሰንዱ ምምጻእኩም ከኣ ንዓኹም ንእንዳ ዜና ‘ሽኩረን’ ንብለኩም።

# ሰማእታት ባሕሪ

ተራኺ: መሰረት ተወልደብርሃን
ጸሓፊ ምስግና ተኽላይ (ዋርሳይ)
ሓይሊ ባሕሪ ጉ/ባ/ ኣውካን

ኣብ 1988 ዓ/ም ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ግንባር ኣብ መድረኽ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ኣትዩ፣ ዝሰፍሐ ሰሚናዊ ክፋል ቀይሕ ባሕርና ደማ ተቛጻጺሩ፡፡ ኣብዚ መድረኽዚ፡ ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ናይ መጕዓዝያ ባሕሪ ስርሓት ከይተሓጽረ፡ ኣብ ባሕሪ ወተሃደራዊ ስራሒታት ክካየድ ዝጀመረሉ'ዩ፡፡ ካብ ወርሒ ሓምለ 1987 ጀሚሩ፡ ምድረ ማያዊ ስርሒት ክካየድ ሓያል ጻዕርታት ይግበር ነበረ፡፡

ኑቲ ዝተወጠነ መደብ ንምዕዋት ከኣ ኣብ ባሕርን ወደባትን ዝነበራ መራኽብ ጸላኢ ብትሕቲ ማይ ተጓዒዝካ ኑታጉ ኣጻዊድካ ምዕናው፡ ካብ ባሕሪ ናብ መሬት ሓንበስካ ምጽጋዑ ንመዓስከራት ጸላኢ ከመይ ጌርካ ተጥቅዕን ንናይ ወገን ሰራዊት መትከሊ እግሪ ትፈጥርን፡ ኣብ ማዕመር ጉዕዞ መራኽብ ጸላኢ ኣብ ጸቢብቲ ማያት ኑቶግቲ ብምትካል፣ ኣብ ደሴታት ይኹን ገምገም ባሕሪ ብጸላኢ ዝተተኽሉ ኑቶግቲ ኣለሊኻ ተባርዕን ተምክንን፡ ካብ ጸፍሒ ባሕሪ ብዝተሓጸረ ግዜ ነዊሕ ርሕቀት ምንሳፍ፡ ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ናይ ዕምቆት ልምምድ ምክያድ፡ ጀላቡ ብፍጥነት እናተወንጨፉ ናብ ባሕሪ ምውራድን ኣብ ዕላማ ምብጻሕን፡ ኣብ ባሕሪ ብኣንፈት ኮምፓስ ዕላማኻ ምልላይ፡ ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ጥሒሉ ዝጠፍአ ንብረትን ሰብን ሞተረ ኣደላልያ፡ ዓይነት መራኽብ ኩናት ጸላኢ ክጥቃዕ ዘለዎ ድኹም ኣካላት ምልላይ፡ ኣብ ባሕሪ ዝተተኽለ ኑታጉ ጸላኢ ብኸመይ ተጻንዕ ወይ ተምክኖ፡ ዓይነት ብረታትን ሓጻርቲ ትርሽታትን ከበድ ብረትን ኣብ ባሕሪ እናሓምበስካ ብኸመይ ትጥቀመሉ . . . ዝብሉ መደባት ናይ ትምህርቲ ሓዙ ብቐጻሊ ክምልምሎ ዝጸንሐ ፈጣናት ጀላቡ ዝዓጠቐ ንኡስ ሓይሊ ባሕሪ፡ ብ 19 ሚያዝያ 1988 ኣብ ወደብ ዓሰብ ብባሕሪ ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ፣ ብ31 ግንቦት ናይቲ ዓመት'ቲ ኣብ መጺጦ ዓጽዕ ዝነበራ ክልተ መራኽብ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዝሓምሸሸ ስርሒት፣ ብ6 መስከረም ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ዝተኻየደ ሰለስተ ዓበይቲ መራኽብ ጸላኢን መኻዝናትን ዘዕነወ መጥቃዕቲ፣ ምምስራት ተዋጋኢ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ዘበሰረ፣ ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ከበድ ስንባደ ዝፈጠረ ፍጻመታት 1988 እዩ፡፡

እቲ ኩነታት ከምዚ ኢሉ እንከሎ፣ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1988 ዓመተ ምህረት እዩ፡ እቶም ኣብ መሬት ጥራይ ፈንጂ ናይ ሰብን ተሽከርከርቲን ዝቐብሩ ኣባላት ሃንደሳ ውድብ ካብ ሓሸርጉብ ተበጊሶም ኣብ ዓቢዳ ዝተባህለ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ በጺሖም፡፡ ምስቶም ኣብቲ ቦታ ዝጸንሕዎም ኣባላት ዳይቨር ናይ ሓይሊ ባሕሪ ብምዃን ካብ ዓቢዳ ተበጊሶም ኣብ መጺጦ ዓጽዕ ፈንጂ ናይ ባሕሪ ኣጻዊዶም ንኣታኦም ተመሊሶም፡፡

ውጽኢት ናይቲ ዝተጻወደ ፈንጂታት ንምፍላጥ፡ ጉብረማስቀል ዝተባህለ ኣባል ሃንደሳ ውድብ፡ ካብ ገልዓሎ እናተበገሰ ይከታተሎ ነበረ፡፡ ኣብቲ ፈንጂ ተተኺሉሉ ዝነበረ ከባቢታት'ውን ደጋጊሙ በጺሑ፡፡ እቲ ፈንጂ ዝተተኽለሉ ቦታ መራኽብ ይሓልፋሉ ከምዘለዋ ኣረጋጊጹ፡፡ እቲ ፈንጂ ዕላማኡ ከምዘይሃረመ ድሕሪ ምርግጋጽ ናብቶም ኣጻዊዶም ንግቡእ ዝተመልሱ ኣባላት ሃንደሳን ዳይቨራት ሓይሊ ባሕርን መልእኽቲ ሰዲዱ፡፡ እታ ዘሕለፋ መልእኽቲ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ትብል ነበረት፡፡

እቲ ፈንጂ ዝተኸልናሉ ከባቢታት መራኽብ ይሓልፋሉ ስለዘለዋ፣ እቲ ፈንጂ ኣተን መራኽብ ክዝርመን ካብ ዘይክኣለ ኣብ ዕምቆት ባሕሪ ጥሒሉ ክኸውን ይኽእል ኣዩ፡፡ ካልእ ኣማራጺ እንተተወሰደ ይሓይሽ፡፡

እቶም ካብ ዝተፈልዩ ፍሉያት ካብ ዝተመርጹ ምኑጻት ዝኾኑ ዳይቨራት ኣብ ዓቢዳ ክልተ ኣዋርሕ ድሕሪ ምጽናሖም፡ ብሓደ ጥሪ 1989 ከባቢ ሰዓት 8፡00 ቅድሚ ቀትሪ ሰለስተ ፈንጂ ናይ ባሕሪ ሒዞም ካብ ዓቢዳ ተበጊሶም፡፡ ድሕሪ ናይ ዓርባዕተ ሰዓት ጉዕዞ ድማ ኣብ ሽዓብ ሉካ ዝተባህለት ደሴት በጺሖም፡፡ ኩሎም እቶም ኣባላት ናብታ ዓባይ ፈጣን ጃልባ ድሕሪ ምስጋሮም ብኡ ንብኡ ተኣከቡ፡፡ መራሒ ጋንታኦም ኪዳ ከምዚ ዝስዕብ ናይ ስራሕ መምርሒ ሃበ፡፡

"እዚ ሎሚ መጺእናሉ ዘሎና መደብ ስራሕ፡ ኣብዚ ኣብ ከውሒ ዝደየበት መርከብ ናይ ንግዲ፡ እዚ ኣባላት ሃንደሳ ውድብ ኣዳልዮም ኣምጺኦሞ ዘለዉ ብወሃብ ግዜ ዝፋንጀር ፈንጂ፡ ብምግቤት ምስ ሓጺናዊ ኣካል መርከብ ከም ዝጠበቕ ገይርም ኣዳልዮም ስለዘለዉ፣ ሎሚ ብዓቢሪ ክንርእዮ ኢና፡፡ ኣድማዒ እንተኾይኑ ድማ ኣብ ልዕሊ መራኽብ ኩናት ጸላኢ ክንጥቀመሉ ስለዝኾንና፣ ኩሉ ኣካል ብዕቱብነት ይከታተል፡፡ ዘይተረደአ ደማ ንብጻይ ሃብተ (ቀብጽ) ይሕተት፣" ብምባል ሓበሬታኡ ወዲኡ መድረኽ ንቐብጽ ሓደገሉ፡፡

ቀብጽ ብጕዱኡ ሕጽር ዝበለ ሓወሲ መዘኻኸሪ ኑቲ ቅድሚኡ ዝተመሃርዎ ድሕሪ ምሃብ፣ "ናይ ሎሚ ኣምጺእናዮን ዘሎና ኑቶግቲ፡ ሓደ ዓይነት ምልኣት ኑታጉ (ቲ.ኤን.ቲ) ዘለወን ኮይነን፣ ኣብ ክብደተን ግን ይፈላለያ እየን፡፡ እታ ሓንቲ ሓደ ኪሎ ክብደት ክህልዋ እንከሎ፡ እታ ካልኣይቲ ናይ ከሎን ፈረቓን፡ እታ ሳልሳይቲ ድማ ናይ ክልተ ኪሎ እያ፡፡ ሰለስቲኣ ብወሃቢ ግዜ (ታይመር) ከም ዝትኻ ገይርና ኢና ኣዳሊናየን ዘሎና፣" ድሕሪ ምባል ናብቶም ኣባላት ቀሊሕ በሎ፡፡

እቶም ኣባላት ብጽሞና ይከታተልዎ ከምዘለዉ ድሕሪ ምርግጋጽ፣ "እታ ሓደ ኪሎ ክብደት ዘለዋ ፈንጂ ድሕሪ 30 ደቒቕ ከም ትትኮስ፡ እታ ናይ ከሎን ፈረቓን ክብደት ዘለዋ ፈንጂ ከኣ ሰዓትን ፈረቓን ግዜ ወሲዳ ከም ትትኮስ፡ ከምኡ'ውን እታ ናይ ክልተ ኪሎ ክብደት ዘለዋ ከኣ ክልተ ሰዓት ተጸብያ ከምትትኮስ ገይርና ኢና ኣዳሊናየን ዘሎና፡፡ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተመሃርኩሞ ሓንቲ ኑታጉ ምስ ኣጻወድናያ ብቐጽበት ካብኣ ክንርሕቕ ኣሎና፣" ብምባል መደረኡ ወደአ፡፡

ቀብጽ ኣስተምህሮ ድሕሪ ምሃብ፡ ኪዳ ስልጣን፡ "ያሲን ኣድምን ገብረሂወት ኢሳቕን የናስ ነጋሲን ኣብታ ዓባይ ፈጣን ጃልባ ተረፉ፣ እቶም ዝተረፍና ካብዚ ተበጊስና ናብታ ኣብ ሽዓብሉካ፡ ኣብ ከውሒ ዝደየበት መርከብ ንግዲ ክይድና ፈንጂ ክጽውድ ኢና፡፡ ካብዚን ናብቲ ቦታን እናተመላለስና ክንከታተል ኢና፣" ብምባል መደብ ስርሖም ኣትሓዞም፡፡

ካብዚ ዓሺንምሉ ዝነበሩ ቦታ ናብ ሽዓብሉካ ንኽበጽሑ 25 ደቒቕ እዩ ዝወስደሎም ነይሩ፡፡ እታ ዝኣሰት ፈንጂ ብሰላሳ ደቒቕ ክትትኮስ ትኽእል ኮይና ዝተዳለወት ሒዞም ኣብታ መርከብ በጺሖም፡፡ ኣብ ዝባን ናይታ ፈጣን ጃልባ ኮይኖም፣ ኣብቲ ዝመረጽዎ ድኹም ኣካል ናይታ መርከብ ከም ትቐውም ንምግባር ኑቶም ካብታ ዓባይ መርከብ ጠልጠል ኢሎም ዝወረዱ ኣማግዶ፡ ኣሚንን ተስፋዝጊን ሰሓቦም ኣብ ቅድሚትን ድሕሪትን ናይታ ፈጣን ጃልባ ብምዃን ኣጸኒዖም ሓዙዋ፡፡

ቀብጽ "በሉ እቲ ፈንጂ ኣጣብቑሉ ኣካል ናይታ መርከብ ኣጽርዩዎ" በሎ፡፡ እቲ ኣካል ናይታ መርከብ ናይ ብዙሕ ዓመታት ብሽሓል ባሕሪ ተደሪዑ ስለዝነበረ፣ ማግኔት መታን ክጠብቕ ክጽሪ ኣለዎ፡፡ ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ እዚ ንምግባር፡ ተኪኤ ኣምሊሶም ማስከራን ፍሊፐርን ወደዩ፣ መሕከኺ ራሽኬቶ ሓዙ ካብታ ፈጣን ጃልባ ንባሕሪ ዘለለ፡፡ ንውሽጢ ባሕሪ ተኻቒቱ ኑቲ ዝተመርጸ ኣካል ናይታ መርከብ ብራሽኬቶ ብምሕካኽ ኣጽረዮ፡፡



ቅርጺ ናይቲ ኑታጉ ጥዑት ዝመስል ኮይኑ ብሎሚራ ዝተሸፈነ እዩ፡፡ ኣብቲ ታሕተዋይ ኣካል ናይቲ ፈንጂ ዓርባዕተ ማግኔት ዝተኣሰረ፣ ኣብ ጥርዚ ናይቲ ፈንጂ'ውን ብዮቓን ናይቲ ወሃብ ግዜ ዝተዳለወ ንጥልቀት ናይቲ ቲ.ኤን.ቲ ዝበጽሕ ነኳል ሃልይዎ ዝተዳለወ እዩ፡፡ ናይ ኩለን ንፈተነ ዝተዳለዋ ፈንጂታት'ውን ከምኡ እዩ፡፡

ተኪኤ (መርዓዊ) ኑታ ናይ ሓደ ኪሎ ኑታጉ ኣብቲ ዘጽረዮ ኣካል ናይታ መርከብ ንምጥባቕ፣ ቀብጽ ኣብ ዝባን ፈጣን ጃልባ ኮይኑ "ኣጥብቃ" በሎ፡፡

መርዓዊ ንውሽጢ ባሕሪ ተኻቒቱ ኣብቲ ዘጽረዮ ኣካል መርከብ ኣጣቢቕዋ ናብ ገጽ ባሕሪ ተቐልቂሉ "ኣጣቢቐያ" በሎ፡፡

"በል ንጹ ደይብ ፍዩዝ ኣእቲና ክንስሕቦሞ ቀልጢፍና ክንርሕቕ" በለ ቀብጽ፡፡

መርዓዊ ከምቲ ዝተባህሎ ገበረ፡፡ ካብቲ ቦታ ቀልጢፎም ክርሕቁ ስለዝደለዩ ኪዳ ስልጣን "ሞተረ ኣተንስኡ" በሎ፡፡ ኩሎም ኣባላት ንምብጋስ ድሉዋት ኮኑ፡፡ ቀብጽ ካብታ ንእሽተይ ካሴት ፍዩዝ ኣውጺኡ ኣብ ዝባን ፈጣን ጃልባ ተንበርኪኹ፣ ንቑልቁል ኣፉ ናብ ባሕሪ ብምድፋእ ናይ ዘለዎ ቁመት ብምምጣጥ ኣእዳዉ ናብ ውሽጢ ባሕሪ ኣእተወን፡፡

ኑታ ዝተጣበቐት ፈንጂ ፍዩዝ ሰኺዓ፡፡ ሕቖኡ ብምቕናዕ "ፒንሳ ሃቢ ኢማና ክስሕብ" በሎ፡፡ ኣብቲ ቦታ ይኣኽለና'ዩ ዝበልዎ ርሕቀት ድሕሪ ምብጻሕ ኣብታ ዓባይ ፈጣን ጃልባ ከይበጽሑ ን30 ደቒቕ ክኸታተሉ ስለዝወሰዱ ከምኡ ገበሩ፡፡ ኣዒንቲ ኩሎም ናብታ ፈንጂ ዘጻወዱላ መርከብ ብምጥማት ንቕጽ በሉ፡፡ 30 ደቃይቕ ድሕሪ ምጽባይ ዓበይ ኑትጉ ተሰምዐ፡፡ ዘይተኣደነ ማይ ባሕሪ ንላዕሊ ገጹ ክዘልል ምስ ረኣዩ ኩሎም ነንሕድሕዶም ብምጥምማት ፍሽኽታ ተለዋወጡ፡፡ ግዜ ኣየባልዑን ቀልጢፎም ናብታ መርከብ ተመልሱ፡፡ ኣካላት ናይታ መርከብ ተዓዘብዎ፡፡ ክንዲ ኣፍ ዒላ ዝኸውን ቀዳድ ምስ ረኣዩ ሓጎሶም ሰማይ ዓረገ፡፡

መደቦም ብምቕጻል ኑታ ናይ ሓደ ከሎን ፈረቓን ክብደት ዝነበራ ብሓደ ሰዓትን ፈረቓን ክትባርዕ ተኽእሎ ዝነበራ ፈንጂ ኣጻዊዶም ናብታ ዓባይ ጃልባ ተመልሱ፡፡ ንሳውን ኣብ ምዱብ ግዜኣ ስለዝተተኮት ክልተ ሰሶ ካብ ስርሖም ብምዕዋቱ ኣዝዩ ፍናን ተሰምዖም፡፡

ኣብ መወዳእታ ኑታ ዝዓበየትን ዝኸበደትን ፈንጂ ንምጽዋድ ተበጊሶም፡፡ ድሕሪ ናይ 25 ደቒቕ ጉዕዞ ኣብቲ ቦታ በጺሖም፡፡ ግዜ ከየጥፍኡ ድማ ኣብ ምጽዋድ ፈንጂ ኣተዉ፡፡ እቲ ግዜ ልክዕ ፍርቂ መዓልቲ እዩ ነይሩ፡፡ ፈጣን ጃልባ ዓሺንም ስራሕ ምጽማድ ፈንጂ ንምጅማር፣ ኪዳ ስልጣንን ቀብጽን እቲ ዝተመርጸ ኣካል ናይታ መርከብ ሓኺኹ ንኸጽርዮ ናብ ውሽጢ ባሕሪ ንኽኣቱ ንጀራብን ሓበሬታ ሃብዎ፡፡

ጀራብን ማስኬራን ፊሊፐርን ወደዩ፣ ራሽኬቶ ሓዙ ናብ ባሕሪ ኣተወ፡፡ እቲ ዝተመርጸ ኣካል ናይታ መርከብ ኣጽርዩ ናብ ገጽ ባሕሪ ብምቕልቃል፣ ኑቲ ራሽኬቶ ናብ ዝባን ፈጣን ጃልባ ኣቐመጦ፡፡ ኑታ ዘቐበልዎ ናይ ክልተ ኪሎ ፈንጂ ሓዙ ብቐጥታ ናብ ባሕሪ ድሕሪ ምንቋት ኣብቲ ዘጽረዮ ኣካል ናይታ መርከብ ኣጣበቓ፡፡

"ኣጣቢቐያ" ድሕሪ ምባሉ መልሲ ናይ ብጾቱ ተጸበየ ጀራብን፡፡

"በል ቀልጥፍ ደይብ ኣብ ጃልባ'ሞ ሞተረ ኣተንስእካ ንምውጻእ ድሉው ኩን፣" በለ ኪዳ ስልጣን፡፡

ሃብተ (ቀብጽ) ብመንገዱ ካብታ ንእሽተይ ካሴት ፍዩዝ ወሲዱ ግዜ ናይ ክልተ ሰዓት ዝበሎ ኣውጺኡ ኣብ ዝባን ተንበርኪኹ ንቑልቁል ኣፉ ናብ ባሕሪ ብምንቋት ኣእዳዉ ሰዲዱ፣ ኑታ ፍዩዝ ኣብቲ ኑታጉ ሰኺዑ ሕቖኡ ብምቕናዕ "ፒንሳ ሃቢ ኢማና ክስሕብ" በሎ፡፡

ተኪኤ ብቕጽበት ኣቐበሎ፡፡ ኩሎም እቶም ኣባላት ድማ ጸጥ ኢሎም ይከታተሉ ነበሩ፡፡

ቀብጽ ኢማና ሰሓበ፡፡ ቃዕ ዝበለ ደምጺ ተሰምዐ፡፡ ብማይክሮ ሰከንድ ክትልክዮ ብዘይትኽእል ብርቱዕ ኑትጉ ተኸሰተ፡፡ ጀራብን ብዘይ ተረደአ መንገዲ እዩ ኣብ ባሕሪ ተደርብዩ፣ ከንሳፍፍን ስሩዕ ምስትንፋስ የስተንፈስ ምህላዉን ብርቂ ነገር ኮነ፡፡ ሕልሚ ጥራይ ኮይኑ ተሰምዖ፡፡ ንኣሚን ኣብ ባሕሪ እናሓንበሰ ረኣየ፡፡ ደምጺ ይግበር ስለዝነበረ "ኣሚን ድሓን ዲኻ በሎ" ፡፡

"ድሓን እየ ንስኻ'ኸ ድሓን ዲኻ፣"

"ዋላ ሓንቲ ኣይኮንኩን" ብምባል መለሰ፡፡

ኣብ ከምዚ ዝበለ ህሞት እንከለዉ፣ መሰረት ተወልደብርሃን ካብ መዓሙቕ ባሕሪ ብሎ'ኽ ኢሉ ወጸ፡፡ ገጹ ብደም ተሓጺቡ ዘይንጹ መሰሉ እንከሎ "እዋይ ኣነ ብጾተይ!" በሎ፡፡

ጀራብን ኣተኩሩ ጠመቶ፡፡ ኣብ ገጹ ዘይተኣደነ ደም ይዛሪ ከምዝሎ ኣስተውዓለ፡፡ እቲ ሰማያዊ ባሕሪ ናብ ቀይሕ ሕብሪ ከምዝተለወጠ እውን ተረደኦ፡፡ ጀራብን ንኣሚን ጌዲፉ ናብ መሰረት ከደ፡፡ ኣፉን ከንፈሩን ተጀሊዑ ምዝራብ ስኢኑ ነበረ፡፡ ሐዚዎ ናብታ ዓባይ መርከብ ተጸግዐ፡፡ ኣብቲ ኣካላት ናይታ መርከብ ጠልጠል ኢሉ ዝነበረ ገመድ ብምሓዝ ካብ መዓንጣኡ ንላዕሊ ካብ ማይ ባሕሪ ናጻ ከምዝኸውን ገበሮ፡፡

ጀራብን ዝተረፉ ብጾቱ ንምድላይ ናብቲ ደም ዝመልኦ ባሕሪ ተኻቒቱ፡፡ ኣእዳዉ ሰደዱ ሃሰስ በሎ፡፡ ኣቐዲሙ ንሰሎሙን (ቡላ) ረኸቦ፡፡ ንላዕሊ ኣውጺኡ እንተረኣዮ መሓውሩ ተረፋቲቱ፡ ካብ መዓንጥኡ ጀሚርካ ክሳብ ግንባሩ ተደምሲሱ ሂወት ሰኣኖ፡፡ ገዲፍዎ ካልኦት ክደሊ እንደገና ንውሽጢ ባሕሪ ተኻቒቱ፡፡ ሕጂ'ውን ብሃሰስ ሰብ ረኸበ፡፡ ሐዚዎ ንላዕሊ ወጸ፡፡ ኪዳ ስልጣን እዩ፡፡ ካብ ታሕቲ ሕንብርቱ ተቖሪጹ፣ ክልተ ኣእዳዉ ተንጠልጢለን ርእሱ ዘየላ ኩሉ ኣካላቱ ከም ስጋ ገዚ ፋሕፋሕ ኢሉ ረኸቦ፡ እታ ተኸዲኑዋ ዝነበረ ጻዕዳ ንትኹል ሸራጥ ሸራጥ ዝበራ ካምቻኡ ግን ምስኡ ቃል ኪዳን ዝኣተወት ክትመስል ካብቲ ዝተቖራረጸ ኣካላቱ ኣይተፈልየትን፡፡

ካልእ ኣማራጺ ስለዘይነበረ፡ ጀራብን ንሬሳ ኪዳ ገዲፉ ካልኦት ብጾቱ ንምድላይ ናብ ዕምቆት ባሕሪ ተኻቒቱ ምድላይ ቀጸለ፡፡ ተኪኤ ርእሶም ምለእ ብምለእ ብኣፍልቡ ኣብ መሬት ውሽጢ ባሕሪ ሰጢሙ ጸንሐ፡፡ ብዘለዎ ሓይሊ ከንሳፍፍ ፈተነ፡፡ ናብቲ ቀረባ ኣኻውሕ ሐዚዎ ወጸ፡፡ ተኪኤ እቲ ለይለይ መሓውሩን ኣዕጽምቱን ተደራቒሙ ብስጋ ጥራይ ተታሒዙ ገጹ ተደምሲሱ ሂወቱ ሓሊፉ ጸንሓዮ፡፡

ሃብተ ሰሎሙን (ቀብጽ)፣ ተሰፋልደት ግርማይን ተስፋዝጊ መብራህቱን ገና ሬስኦም ኣይተረኸበን፡፡ ዝኣም ንምርካብ ጀራብን እንደገና ናብ ባሕሪ ተኻቒቱ፡፡ ኣእዳዉ ዘርጊሑ ሃሰስ ክብል ጀመረ፡፡ ኣብ ጥቓ እታ ኣብ ክልተ ተገሚዓ ጥሒላ ኣብ መሬት መዓሙቕ ባሕሪ ዝሰጠመት ፈጣን፡ ኣዕጽምቶምን ስጋኦምን ተረፋቲቱ ሓደ ካብ ሓደ ክትፈልዮም ዘጸግም ኮይኑ ረኸቦ፡፡

ጀራብን ብድሕሪዚ ናብ መሰረት ተመልሰ፡ ኑታ ተኸዲኑዋ ዝነበረ ሓጻር ስረ ቀዲዱ ንቐሰሉ ሸፈኖ፡፡ ኣብ በርኽ ኣካል ናይታ መርከብ ኮይኑ፣ ኣእዳዉ ንላዕሊ ታሕቲን እናንቀሳቐሰ " . . . ዎ . . . ያሲን! . . . ዎ . . . ጸሊማይ! . . . !" እናበለ ጎርሮኡ ክሳብ ዝቕጽ ኑቶም ኣብ ርሑቕ ርሕቀት ዝነበሩ ብጾቱ ክጽውዖም ፈተነ፡፡ ይኹን እምበር ሰሚዒ እዚ ኣይረኸበን ጥራይ ዘይኮነ ድምጺ ጻውዒት'ውን ክበጽሐ ዝኽእል ርሕቀት ኣይነበረን፡፡

ሓንቲ ጃልባ ናይ ራሻይዳ ኮንትሮባንድ ካብ ስዑድያ ናብ ሱዳን ተመላሊሳ ክልተ ዋርድያ ዝነበሩዋ፡ ካብታ ዘጻወዱላ ዝነበሩ ቦታ ክትርኢያ ዝቐረበት ንሳ ስለዝነበረት፣ እቶም ኣብታ ጃልባ ዝነበሩ ዋርድያ ኑቲ ኑታጉ ስለዝረኣዩዋ ብሀሪ ናይ መቕዘፊ ናብኦም ክመጽኡ ተዓዘቡ፡ ይኹን እምበር ክቐርብዎም ኣይደለየን፡፡ ኑቲ ፍጻመ እንተ ደኣ ርእዮሞ ምስጠራውነት ስለዝቃለዕ፣ ካብታ ዓባይ መርከብ ወሪዱ ሓንበሱ ናብኦም ደሃይ ክፈልጡ ዝመጽኡ ሰባት ምስ በጽሑ፣ ኑታ ዓባይ ጃልባ ብፍጥነት ክትመጽእ ረኣዩ፡፡

ኑቶም ደሃይ ክፈልጡ ዝመጽኡ ሰባት ድማ "ደሓን ኢና ናብ ጃልባኹም ተመለሱ" ኢሉ ኣፋነዎም፡፡ እታ ኣብ ርሑቕ ርሕቀት ኮይና ትከታተል ዝነበረት ዓባይ ጃልባ፣ ኣብቲ መሰረት፡ ጀራብንን ኣሚንን ዝነበሩዎ ቦታ በጽሐት፡፡ ንመሰረት ካብታ ዝዓበየት ዓባይ መርከብ ኣውሪዶም ናብታ ዓባይ ጃልባ ሰቐልዎ፡፡ ጸሊማይ ሕክምናዊ ረዲኤት ክገብረሉ ፈተነ፣ እንተኾነ ግን ማህረምቱ ከበድ ስለዝነበረ ኣብ ምሕካም ኣሸገረ፡፡

ጸሊማይ፣ ንመሰረት ምስ ሓከሞ ንተኪኤ ኣምሊሶም (መርዓዊ) ኣብ ደሴት ሽዓብ ሉካ ሓመድ ኣዳም ኣልበሶሞ፡፡ ድሕሪዚ፡ ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሓይሊ ባሕሪ መልእኽቲ ሰደዱ፡፡ ትሕዝቶ ናይታ መልእኽቲ ድማ ከምዚ ይብል ነበረ፡፡

ናብ 9ይ ገጽ ይቕጽል

ሓዳስ ኤርትራ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሰምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## VACANCY ANNOUNCEMENT

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Welder** |
| **Number required** | **03** |
| **Location:** | **Site: Koka Gold Mine** |
| **Reporting to:** | **Mechanic Foreman** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | • To execute all welding work for fixed plant and mobile fleet and machinery. |
| **Duties:** | • Perform Welding, fabrication and structural repairs in fixed and mobile plant equipment.<br>• Repair and maintain as required from Management.<br>• Being accountable for the safe commissioning of all equipment.<br>• Work in liaison with the Maintenance Services Coordinator to develop and implement a rigorous planned maintenance program with daily inspections and execution.<br>• Be able to identify equipment defects.<br>• Candidate must be self-motivated and self-driven.<br>• Reading and interpret technical drawings and maintenance plans.<br>• Ensure all work is completed on time in accordance with safety and quality standards.<br>• Any other work requested by management |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | • Minimum Secondary School.<br>• Completed a welding apprenticeship. |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum of 5 years working with welding work.<br>• Minimum of 5 years mine maintenance experience or similar. |
| **Other skill, abilities, and requirement** | • Full trade qualifications for a welder.<br>• Strong communication and interpersonal skills.<br>• Team player.<br>• Must be able to work and perform under pressure. |
| **Salary** | As per the Company scale |

**Additional Requirement for nationals: -** Having fulfilled his/her National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defense. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your application to the **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara,**

**Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: 7 days from the day of announcement.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

State of Eritrea
Ministry of Agriculture
Letter of Invitation for Bids

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Integrated Agricultural Development Project (IADP) and intends to apply part of the financing for the purchase of these goods. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP).
2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.
3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 27 April 2026, and national newspapers Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 13 May, 2026.
4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities ("bidders") for the provision of Supply, Installation, commissioning of irrigation scheme pipeline and solar power pumps assorted in 2 lots and Procurement of Shad-net house assorted in 2 lots. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.
5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services. Potential bidders should first request for a registration form using email address below. Upon filling the form, the bidders should return the filled form through a reply email and the bidding document will be provided immediately thereafter at no charge.
6. Bidding will be conducted using the International Competitive Bidding (ICB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD procurement handbook, which is provided on the IFAD website www.ifad.org/project-procurement. The ICB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.
7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet BDS, Section II of the bidding document.

8. Bids must be delivered to the address below and in the manner specified in the BDS ITB 25 no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea's time, 20 August 2026.

Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (Senior Procurement officer)
Sawa Street, Asmara, Eritrea
Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Tel Number: 00291181076/00291189266
Fax Number: 1048
Block Number: 6
Room Number: 8
Asmara, Eritrea

9. Bidders should be aware that late bids will not be accepted under any circumstances and will be returned unopened to the bidder.
10. All bids must be accompanied by a bid security: -

Procurement of Shad-net house assorted in 2 lots: - Lot 1- 1,010.00 USD and Lot 2 – 1,470.00 USD
Supply, Installation, commissioning of irrigation scheme pipeline and solar power pumps assorted in 2 lots: - Lot 1- 11,090.00 USD and Lot 2 – 25,900 USD
Please note that electronic bids shall not be accepted as defined in ITB BDS 25.

Yours sincerely,

Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (IADP Project Senior Procurement officer)
Sawa Street, Asmara, Eritrea
Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Tel Number: 00291181076/00291189266
Fax Number: 1048
Asmara, Eritrea

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ክሱሲ ደምበ ሰምባል፡ መዘዙብ ተኸሳሲ ቁ. 6 መጸዋዕታ ናይ ቤት ፍርዲ በጺሕዎም ኣብ ቆጸራ ቤት ፍዲ ናይ ዕለት 21/05/26 ከምኡ'ውን 09/06/26 ብኣካል ኮነ ብሕጋዊ ወኪል ስለ ዘይቀረቡ፡ ብመሰረት መ/ሰ/ስ/ 70/ሀ ዝድግግ ጉዳይ ንሶም ኣብዘይብሉ ክረአ ይእዘዝ።

2. መዘዙብ ክሳሲ ብመንገዲ ወኪል ኣቢሉ ንተኸሳሲ ቁ. 8 ኣቶ ህዘቦዊ መንግስትኣብ መጸዋዕታ ናይ ቤ/ፍን ቅዳሕ ክሲ ምስ መርትዖታቱን ክበጽሓሉ ን፡ ተኸሳሲ ቁ/8 ደማ መልሲ ሐዙ ክቐርብ ንዕለት 09/07/26 ተቖጺሩ ኣሎ። 3. ዝሲ ትእዛዝ ምሉብ ዘድለዩ፡ ኣብ መንን ከሳሲ ማሕበር ደምበ ሰምባል (ወኪል ኣቶ ተሰፋይ ኣገደው ንጉሰ)ን ተኸሰስቲ 1. ኣቶ ዑቕባይ ኣስመላሽ +29 ዘሎ ናይ ግዝዙብ ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ ቁ.10 ጸየን ኢሳቕ ቁ.22 ሳባ ሚከኤል 23. ናይዝሲ ዝብረትንሳኤን ቁ.27 ፍረሂወት መንግስትኣብን ንጹር ኣድራሻኹም ኣብ ወጻኢ ሃገር ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን09/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቅረቡ። እንተዘይቀረብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## ሓራጅ

ኣብ መንን ኣቶ ምክኤል ጸሃየ ባይሩ ወረ/ነፍ ወብት ባይሩ ወ/ሮ ኣስቴር ባይሩ +4 ካብ ውርሲ ዝቖለ ክርክር ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ዝ ጥንዳ ጎደና እንሲ ዚፕ/ A199ቁ/ገዛ 62 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ነፍ/ወብት ባይሩ ኣብ 151.20 ት/ሜተር ዝተደኮነ ተራ ገዛ ሓሙሽተ ቀንዲ ክፍልታትን ሰለስተ ተሓጋዚ ክፍልታት ዘጠቓለለ ብሓራጅ ተሸይጡ ክከም ኣወራርሰኦም ምቅሊት ክየበር መደምደምታ ስለዝተዋህበ፡ ዝተጠቐሰ ገዛ ብዝበጽሐ ሞያ መጠኒ ዋጋ ሓራጅ 168,290.82 ናቕፋ (ሓደ ሚእትን ሱሳን ሸሞንተ ሽሕን ክልተ ሚእትን ተሰዓን 82%) ናቕፋ ተገሚቱ ቀሪቡ ስለ ዘሎ።

ክወዳደር ዝደሊ፡ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 በቶ ተጠራቓሚ ሕሳብ ዝሓዘ ወይ ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ብምስራሕ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ሐዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ክበጽሖ ዝረቐሖ መጠን ገንዘብ ብቁጽርን ብኣሃዝን ብንጹር ብምጽሓፍ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁጽሪ 62 ዝተዓለወ ሳንዱቕ ጨረታ ኣብ ፖስታ ዓሺጉ የእቱ። ቦታ ክርኢ ዝደሊ፡ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ከይዱ ይርኢ። ሓበሬታ ዝደሊ፡ ኣብ ቁጽሪ 66 ቀሪቡ ክወክስ ይኽእል።

ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕረቡ ጨረታ ደው ኣይብልን።

ቦታ ጨረታ፦ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁጽሪ 27 ገበን መጋባእያ
ዕለት ሓራጅ፦ 24/07/2026 ዓ/ም
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ


layout by Essey G.T

ካልኣይ ሕታም ብዶ/ር ገብረሂወት ጠዓመ




፧ ምልክታ ካልኣይ ሕታም መጽሓፍ ደርሁ

፧ መጽሓፍ ምሕድራን ክንክን ጥዕናን ድርሁ ብሚንስትሪ ሕርሻ ተቐባልነት ዝረኸበት ሚንስትሪ ሕርሻ ኣገዳስነታ ተረዲኡ ኣብ 2013 ብምሉእ ድጎማ ናብ ኣፍርያቲ ብዙሕ ቕዳሓት ከም ዝተዘርገሐት ፤

፧ ልዕሊ 32 ምልክታት ሕማማት ዝገልጹ ሕብራዊ ስእልታት ዝሓዘት

፧ ሕማማትን ምልክታቶምን ብስድን ንባብ ብዘይ ልውጢ ብሰንጠረዥ ትገልጽ፤

፧ 100% ሽግር ኣርባሕቲ ደርሁ ኣብ ምሕደራን ክንክን ጥዕናን ትፈትሕ

፧ እነሆ ሕጂ ከኣ ብጠለብ ኣርባሕትን ደለይትን ድሕሪ ቀዳማይ ሕታም ኣብ ምርባሕ ደርሁ ዝተራእዩ ምዕባሌታት ሒዛ ምስ ተወሰኽቲ ምዕራፋት ካልኣይ ሕታም ኣብ ቀረባ እዋን ክትወጽእ እያ።

፧ ኣብ ቀዳማይ ሕታም ዘይነበሩ ገለ ንምጥቃስ

፧ ተኽሊን ቀመማትን ከም መግቢ ኣብ ወዲ ሰብ ጥራይ ከይተሓጸሩ ከም ፈውሲን መግብን ኣብ ደርሁ''ውን ከም ዝገልግሉ

፧ ድርብ ኣስኳልን ብዘይ ኣስኳልን ኣብ ውሽጢ ሽፋን እንቋቑሖ ስለምንታይ ይፍጠር፣ ወዘተ

፧ ኣብ እዋን ምሕቃፍ ኣብ ኢንኩበተር ኮነ ኣብ ደርሁ ዝረኣዩ ጸገማት መፍትሓቶምን፡ ኣመራርጻ እንቋቑሖ ቅድሚ ምእታዎም

፧ ኣብ ቀዳማይ ሕታም ዘይነበሩ ሕማማትን ሕክምናን።

፧ ኣገባብን ሜላን ክታበት ኣብ ክንዲ ኣብ ጨቓዊት ገና ኣብ ኢንኩበተር ክነቁሑ ዝትቅረቡ ጨቓዊቲ ካብ 1 ክሳብ 3 ሕማማት ኣብ ሓደ እዋን ምኽታብ

፧ ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ተሌፎን 07114911, 07374218, 07169039 ተወከሱ።

# ካብ ደብሪ ናብ ገድሊ

መብራህቶም ገብረሂወት
ህዝባዊ ርክባት ሚ/ሪ ሕርሻ ጋሽ-ባርካ

4ይ ክፋል

**• ምስ ሕሉፍ ተመኩሮ ብምዝማድ፡ ባህርያት ናይ'ቲ ኩናት ከመይ ረኺብኩም?**

ኣብ ዝሓለፈ ከም ዝጠቐስዎ፡ ኣብ ህ.ግ.ሓኤ ድሕሪ ምጽንባርና ፈለማ ፖለቲካዊ ትምህርቲ'ዩ ተዋሂቡና። ፖለቲካዊ ትምህርቲ ምስ ዛዘምና ኣብ ምደባ ተኣትዩ፤ ኣብ ክፍልታትን ሓይልታትን ከኣ ተመዲብና። ኣብ ሓይልታት ዝተመደብና ከኣ ኣብ ውግእ ሰምሃር ተጸሚደን ናብ ዝነበራ ኣሃዱታት ኣምሪሕና። ይዝከረኒ ኣብ ዒላ ገመል ምስ ኣተና፡ ኣብ ብርጌድ 23 ዝጽሓፍና ተጋደልቲ ኣብ ቦጦሎኒታት ናይ'ቲ ብርጌድ ወዚያምና። ሓይልና፡ ጋንታናን ማናርናን እውን ፈሊጥና። ንሕና ኣብቲ ኣሃዱ ሓደስቲ ኢና፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ቦኺሪ ውግእ ኢና ክንኣቱ።

ከቢ ደጓሊ መጸግዒ ዘይብሉ ሰጣሕ ጎልጎል እዩ፤ ወርሒ ጥቅምቲ 1977 ጸላኢ ወፈራ ውግእ ተጀሚሩ፤ ካብ ንመጸኢ ኣብ ካልኣይ ሰሙንና ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ፤ ወተሃደራት ደርግ በዘሸነፎም ናብ መሮር ዝወፍሩ ዘለዉ ብዙሒ ዘለዎም እንስሳታት እየም ዝመስሉ። ጠየይቲ ከም ማይ እናዘነቡ ፊት ንፊት ምስ ኢጋር ሰራዊት ኢትዮጵያ ውግእ ገጢምና። ከም ኩለን ቦጦሎኒታት ብርጌድ 23 ኣሃዱና ቦጦሎኒ ሰለስተ ኣብቲ ውግእ ዝነበራ እጃም ዓቢ እዩ፤ እቲ ውግእ ጽዑቕ ትንፋስ ዘይህብ ብብዙሒ ተተኳሲ ዝተዓበለ ነይሩ፤ ተጋዳላይ ከኣ ሽሾ ሰራዊት እናገጠመ ብልዑል ኒሕን ሓቦን ማኪቱ።

ኣብ ጃንጥላ ዝውርወሩ ኣብ ሰማይ ከለዉ ብተጋደልቲ ተወቒዖም ኣብ ህዋ ዝፍንጀሩ ኣጸዋሪት ጸላኢ ነይሮም እየም። ዝደርበዩ ዝነበሩ ከኣ፡ ቦምባታት ኣብ ህዋ ከለዉ ይብርዕሙ፣ ኣብ ወገን ጉድኣት ወይ ክሳራ ከየውረዱ ከኣ ከም ዝመኽኑ ይገብሩ ነበሩ፤ ኣብቲ ዓውደ ኩናት ኩለን ኣሃዱታት በበመዳየን ብርቂ ቅያታት እናፈጸማ ዓቕምን ሞራልን ጸላኢ ኣብ ምጽንቃቕን ምድኻምን ልዑል ተራ ተጻወታ። ምስ ዝጸንሓና ተመኩሮ ብምዝማድ ክንምዝምዞ ከለና ኣብ ቅድን ኣሰላልፋን ውግእ ርኡይ ፍልልይ ነይሩዎ። ብሓጺሩ በቲ ኣብኡ ዝጸንሓና ኣወዳድባን ኣተኣላልያን ኣዚና ኢና ተደኒቕና።

**• ውግእ ሰምሃር ምረቱ ክሳብ ክንደይ ሓያል ነይሩ?**

ጸላኢ ኣብ ባጽዕ ምስ ተዓጽወ ዓቕሉ ጸቢብዎ ክፍንጥስ እዩ ዝሓስብ ዝነበረ። ምኽንያቱ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንጽርግያ ባጽዕ-ኣስመራ ስለዝቖረጾ እንተ ሰሊጥዎ ናይ ዓቕሊ ጸበት ዕርዲ ፈንጢሱ ብጽርግያ ኣስመራ ንኽኣቱ ቀጻሊ ፈተነታት የካይድ ነይሩ፤ ንዋሕ እዋን ዝቐጸለ ብጸላኢ ዝፍነው ህንዱድ ውግእ ኣሎ። ብወገና እውን ካብ 2 ክሳብ 3 ግዜ ኣብ መዓልቲ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዝካየድ መጥቃዕቲታት ነይሩ፤ እዚ ንደርግ ኣርዒድዎ እዩ። ሓይሊ ሚዛን ህዝባዊ ግንባር ዕረ እናጠዓሞ ብዮዝበሪ ክኣመኖ ክኢሉ። ተጋዳላይ ምስ ጓህርን ባህርን እዩ ዝጥጥም ዝነበረ። ማእለያ ዘይብሉ ተተኳሲ ሓዊ ብሰማይ ይዘንብ፤ እቲ ክሊማ ደማ ሓዊ ዘቃጽል ሃሩር እዩ። ጥሜትን ጽምእን'ውን ተደሪቡ ሽግራት ተጋደልቲ እየም ነይሮም።

እዚ ኩሉ መከራ እናጸወረ ተጋዳላይ ኣብ ጸላኢ ዓቢ ዕንወትን ክሳራን ከውርድ



ተጋ/ ገብረእየሱስ ገብረገርግስ (ሃለቃ) - ኣብ 1979

ምኽኣሉ እምብዛ ዘደንጹ ቀራጽነት ተራእዩ። ጸላኢ ናይ ኣጸዋርር ጸብለልነት ስለ ዝነበሮ ብቑጽሪ መጠን ዘይብሉ ፈኮስትን ከብድትን ኣጸዋርራት እዩ ከም ኣይሂ ዝዘንብ ዝነበረ።

ተጋዳላይ ኣብ ደፋዕ ኮይኑ ወይ ደማ እናሃጀመ ናብ ሰማይን ናብ መሬትን ይትኩስ፤ ጸጊሑ ደማ ናብ ቅድሚትን ንሰያፍን ይትኩስ፤ ጸዕዳ መንዙብዞም ኣንብጣ ምድርረብዳ ዝመስል ጃንጥላታት ካብ ህዋ ፋሕ ኢሉ ዝሰየው ቦምባታት ማእለያ ኣይነበሮን። ካብ ነፈርቲ ተወርዊሩ ኣብ ሰማይ ተዘርዩ ዝመጽእ ቦምባታት-ኣድ እናዘለ ብመሬት ከኣ ማዕበል ሰራዊት ብቕድሚኡ ይመጽእዎ። በቃ ሽኑት ክልተ ብልሓታትን ሓያል ተጻዋርነት ባህሪኡ ተጠቒሙ ይረባረብ ነበረ።

**• ተጋዳላይ ብሸመየ ኑቲ መሪር ኩነታት ዝሰገር ነይሩ?**

እቲ ቀንዲ መሳርሒ ዕላማ ዝፈጠሮ ትብዓት እዩ፤ ምንቅ ዘይብል ቀራጽነትን ክምህ ዘይብል ተጻዋርነትን ምውናን። ሓያል ኣወዳድባን ስልቲታትን ከኣ ርእሱ ዝኸኣለ መሳርሒ ነይሩ፤ ኣብ ሕብረተ-ሰብና "ካብ ወፋሪ መዋፈሪ" ዝብል ምስላ ኑቲ ዝተራእየ ህሞት እዩ ዘሸኻኽረኒ፤ ስለዚ ብሓፈሻኡ ብልሒ መራሕነት ዓቢ ተራ ነይሩዎ። ኣቦ'ቲ ጸንከር ኩነታት ከኣ ሓይሊ ጥበብ መራሕነት ከም ጸሓይ በርቂ ቀደድ ኢሉ በሪሁ እዩ ዝርኣየ። ፍጥነትን ቅልጣፈን ሓለፍትን ኣባላትን'ውን ወሳኒ ግደ ነይሩዎ፤ እዝን ቀጻጸርን ንጸላኢ'ኳ ከም ግናዕ ኢደካ ምፍላጥ፡ ኮታ ኩለምሉ ተወሳኺ ብደሆታት ከም ዘሰገር ይገብር ነበረ። ጸላኢ ኣብ ምርዓድ፡ ኣብ ምድኻምን ምድምሳስን ከኣ ፍሉይ ታሪኽ ተሰሪሑ፤ ተጋዳላይ ዝቕተል ቀቲሉ ዝማረኽ ማሪኹ ኣብ ልዕሊ ጸላኢኡ ሰፊ ዘይብል ክሳራታት እናኣውረደ፡ ፍናን ህዝቡ ሓፍ ኣብ ምባልን ቃልሱ ኣብ ቅድሚ ዓለም ቀላሕታ ከምዝረክብ ኣብ ምግባርን ዘካየዶ ዝነበረ ማስተንክራዊ ተጋድሎ መዳርግቲ ኣይነበሮን።

ስለዚ፡ ናይ ዓወታት ረጃሒታት ብዙሓት ክኾኑ ይኽእሉ እየም። ጥርዚ ዝበጽሐ ሃገራዊ ስምዒትን ህዝባዊ ፍቕርን ቀንዲ ደፋኢ መንፈሳዊ ሓይሊ ኣብ ምኑንጻፍ ዓወታት ገድሊ ኤርትራ ምንባሩ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ፤ ኣብ ወሳኒ ኩነት እንታይ ዓይነት ብልሓታት ከም ዝተራእየ ብማስረት ዝሓተትካ ክገልጽ ወይ ክምልስ እንተ ደኣ ኮይኑ ዝተራእየ ብልሓታት ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። እቲ ብልሓት ደማ ምስ ቀራጽነት ነይሩ፤ ኣብ ግጥም ምስ ኢጋር ሰራዊት ደርግ ኣብ ጽዕጹዕ ውግእ እናሃለና፡ ነፈርቲ ኩናት ብሰማይ ብጃንጥላታት ቦምባታት ይዝርዋልና፡ ሽዑ ምስ ተወጠርና ኣብ ሰማይ ከሎ ንላዕሊ ብኮለሽን ተኩስና ኣብ ህዋ ከሎ ወቒዕና ከም ዝፍንጀርን ከም ዝበርዕንን ንገብር ነርና። ምስ ተጸገምካ ዘይግበር የለን። ሕሰቦ ተጋዳላይ ናብ ህዋ ጨሚቱ ቦምባ ኢድ ወቒዑ ገጹ ርእሱን ብጾቱን ካብ ማስዋእቲ የድሕን ነይሩ። እዚ ከኣ ምስ ጸበበ ዝመጽእ ብልሓት እዩ።

**• ቀጻሊ ኣዘንትዎ እቲ ጅግንነት ተጋዳላይ..!**

ብዙሓኸ እቲ ቦምባታት መሬት ምስ ዓለበ ብቕጽበት ኣልዓልካ ናብ ጸላኢ ምውርዋር ዝውቱር ነይሩ፤ ህይወትካ ወፊኻ ቅድሚ ምፍንጃሩ ኣልዒልካ ናብ ጸላኢ ትውርውሮ። እቲ ቦምባታት ኣብ ቀረባኻ እንተ ዓለቡ ህይወትካ ክትሰእን ኢኻ፡ ስለዚ በቲ ሓደ መዳይ እንተ ጠሚትካዮ፡ ነብስኻን ብጾትካን ካብ ማስዋእቲ ተናግፍ ኣሎኻ፤ ጸላእትኻ ከኣ ትቐትል። ኣጸዋርር እውን ትኽስብ ኣሎኻ ማለት እዩ። እቲ "ንጸላኢ ብጥይቱ ብበረቱ" ዝብል ዕላማ ኣብ ከምዚ ፈታኒ መድረኻት እውን ኣብ ግብሪ ይውዕል ነይሩ እዩ።

**• ማስመር ጽርግያ ባጽዕ-ኣስመራ ዓጸዮም ዝነበሩ ተጋደልቲ ናብ ክልተ ኣንፈት ይጥምቱ ነይሮም ማለት ድዩ?**


ብልክዕ ብከተማ ባጽዕ ዝመጽኡ ናብ ኣስመራ ከይሓልፉ፡ ብኣስመራ ዝወረዱ ደማ ባጽዕ ከይኣትዉ ወይ ከይቶጽጽሩ፡ ብቕድሚኦምን ብድሕሪኦምን ዝመጽኡ ሰራዊት ደርግ ንከይሓልፉ ረጊጦም ዓጽዮሞም። ብፊቶምን ብሕቖኦምን ይትኩሱ ነበሩ። ብኣዕሊ ብነፈርቲ ዝመጽኦም መጥቃዕቲ ተጻዊሮም፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ማእለያ ዘብሉ ክሳራታት የስዕቡ ነይሮም። እቲ ውግእ ብሸነኽ ጸላኢ 'ናይ ጸርጸርን ዓቕሊ ጸበትን' ፈተነታት እዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ወተሃደራቱን ንብረቱን ስለዘተኾርደንዎ ጥራይ ኣይኮነን ሓሚሙ። እንተላይ ወደብ ስለዝተዓጽዎ። ኣብ ቅድሚ ዓለም'ውን ዓቕምታቱ ብኣሉታ ወይ ብድኽመት ይግምገም ነይሩ እዩ፤ ካብቲ ጉሉሕ ባህርያት ውግእ ሰምሃር 'ዝላገዖ ቦታ ዘይምልቃቑ' ነይሩ። እዚ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ዝተራእየ ጽገዎት ማዛና የብሉን። ኣብቲ ማስተንክራዊ ውግኣት ኩለን ኣሃዱታት ወገን ናይ ህይወት ክብሪ ዋጋ እናኸፈላ ዘካይድኦ ዝነበራ ስርሒታት፡ ሓደ ካብ ሓደ ኣብለጸካ ዘይርከቡ ብርቂ ቅያታት ህዝባዊ ግንባር እዩ።



ተጋ/ ገብረእየሱስ ገብረገርግስ (ሃለቃ) - ኣብ መጥቃዕቲ ምድምሳስ ውቃው እዝ፡ ወተሃደር ደርግ እናማረኸ (1984)

**• ንስኺ ወይ መሻርፍ ዝምልከት'ከ ከመይ ነበረ?**

ኣብቲ እዋን ናይ ኣጸዋርር ሕጽረታት ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ናይ ሰንቂ ሕጽረትን ስእነትን ነይሩ እዩ። መግቢ ከይበላዕካ መዓልታት ምጽናሕ የጋጥም። ብሰንኪ ሕጽረታት ዝመጽኣካ መሻርፍ ኣዝዩ ውሑድ እዩ፤ ዝቕረበልካ መግቢ ከኣ 'መቑተሊ ሓሰኻ' እኳ ኣይኮነትን፤ ንኣፍ-ጠልቆም እዩ፤ ብሰንኪ ኩናት ክትምገብ ግዜ ዘሰኣኑ እዋን ነይሩ። መግቢ እንርስዓሉ ግዜ'ውን የጋጥመና ነይሩ። ሰቕ ኢልካ ትዋጋእ፤ ኣብ ጎድንኻ ብጾትካ ክስውኡ እናርኣኻ ናይ መግቢ ሸውሃትካ ርጉጥ ኢሉ እዩ ዝጸውዕ። ጥሜት ጸጊሑ ዘርኻኽበልካ ይኹን እምበር፡ ብማስዋእቲ ብጾትካ ግና መሊስካ ኢኻ ትሕርን። በቲ ሓደ ወገን ኣብ ጎድንኻ ብጾትካ መውጋእቲ ኣጋጢምዎም ክንሶም፡ ደም ዛሕዚሖ እናበሉ ክምግኡ ክትዕዘብ ከለኻ መሊስካ ትጸንዕ፡ ስለዚ፡ ኣብ ውግእ ሰምሃር፡ ጥሜትን ጽምእን ከም ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ 'ግንባር' ጸብጺብካ ዝጥመት ዘራይ ናይ ደርግ ኮይኑ ዝዓይይ ነይሩ እዩ፤ ምኽንያቱ ጥሜትን ጽምእን ጉልበት ሰብ ኣብ ምድካም ጥራይ ዘይኮኑ



ተጋ/ ገብረእየሱስ ገብረገርግስ (ሃለቃ) - 2026

ኣብ ህይወት ሰብ ይመጽኣካ እዩ፤ ብሰንኪ ስእነት ማይ፡ ጽምኣት ሰብኑት ወይ ድርቀት ኣካላት ኣጋጢምዎም ዝስውኡ ብጾትና ተጋደልቲ ነይሮም እዮም።

**ይቕጽል**

# ሰማእታት…

ካብ 6ይ ገጽ ዝቐጸለ

"ኣብ መውዳእታ መሰርሕ ምጽዋድ ናይቲ ዝጸበየ ኒታጉ እንክለና ብዘጋጠመ ሃንደበታዊ ምፍንጃር ሽዱሽተ ኣባላት ተሰዊኦም። ሓደ ብኸቢድ ተወጊኡ፤ እታ ሐዝኪያ ዝነበርና ንእሽቶ ጃልባ ደማ ኣብ ክልተ ተቖሪጻ ኣብ ባሕሪ ጥሒላ፤ እቶም ዝተሰውኡ ብጾት፣ ኪዳነ ስልጣኑ ሃብተ (ቀበጽ)፣ ሰለሙን (በላ)፣ ተከኤ ኣምለሶም (መርዓዊ)፣ ተስፋልደት ግርማይን ተስፋዝጊ መብራህቱን እየም። መሰረት ተወልደብርሃን ብኸቢድ ተወጊኡ ኣሎ።

ኣብ ገዕዞና ሓንቲ ኮምፓስ ጥራይ ስለዝነበረትና፡ ንሳ'ውን ምስታ ዝጡሓለት ጃልባ ተሓምሺሻ ኢያ። እንታይ ክንገብር?" ዝብል ብረደየ ርክብ መልእኽቲ ኣሕለፉ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ህሞት፡ "ጉብረሂወት ኢሳቕ ማሽኬራን ፈሊፐርን ወዲኻ ኣብ ጥልቀት ባሕሪ ፈትሽ" በለ ጆራጎ።

ጸሊማይ ብኡ ንብኡ ናብ ጥልቀት ባሕሪ ተኾቲቱ። ዝተረፋተተ ስጋ ናይ ብጾቱ ረኣዩ። ተኣርዩ ክቕብር ከምዘይከኣል'ውን ኣረጋገጹ።

"ጆራጎን ሰጊሑም ኣዝዩ ተዳቒቑ ስለዘሎ፣ ዝለዓል ኣካላት የብሎምን። ተቐላጢፍና ጥራይ መሰረት ክሕክመሉ ዝኽእል መንገዲ ንፍጠር" ብምባል ሓሳቡ ገለጸ ጸሊማይ።

ጆራጎን ካብ ናይ ጸሊማይ ፍልይ ዝበለ ሓሳብ ስለዘይነበሮ ንያሲን ሞተረ ኣተንስኡ ናብታ ጃልባ ክመልሶም ሓበሮ። ኣቢታ ጃልባ ደደቦም ንገለ ደቓይቕ ብሓዘን ተዋሒጦም ሰቕ በሉ።

ጸሊማይ ናብ ጆራጎን ድሕሪ ምቕራቡ ብህዱእ ድምጺ "ንመሰረት ኢንፍዩዥን'ዶ ክንገብረሉ?" በሎ።

"ሓንሳእ እሞ ጽናሕ መልሲ ፈደየና ክንፈልጥ ድሕሪኡ ክንውስን" በለ ጆራጎ።

ያሲን ኣድም ኣብታ ናይ ረሻይዳ ጃልባ ኮምፓስ ይደሊ ነበረ። ኣብ መኸንራገር ናይታ ጃልባ ሃሰው በሉ፤ ክረኽቦ ኣይከኣለን። ኣብ ከምዚ ዝበለ ሃዋህው እንከለዉ ንፋስ ኣዜብ ኣብ ሞንጎ መጺኡ ክበርትዕ ጀመረ።

ጆራጎን በቲ ኣብ ጸፍሒ ባሕሪ ዝፈጥሮ ዝነበረ ማዕበል ጉምጋም ብምውሳድ "ጸሊማይ ክንበጽሖ ንኽእል ኢና" በሎ።

"ብዘይ ኮምፓስ ደኣ ጠፊእና ዝ. ውገእ ኣብ በረኻ ከይንሕደር።"

"ድሓን ኣይትሰከፉ ኣንፈት ናይዚ ማዕበል ተኸቲልና ቦታና ክንበጽሕ ኣየጸግመናን እዩ።"

ክልቲኦም ኣብ ምርድዳእ እንክለዉ ናይታ ኣቐድም ኣብሎም ዝሕለፍዋ መልእኽቲ መልሲ መጺኦም። ጃልባ ክትመጽኣኩም እያ፣ ምስኣ ሓኪም ንሰይልኩም ኣለና። ተኸታተሉዋ ምስኣ ትመጽኡ" ትብል ነበረት።

"ጆራጎን . . . ጆራጎን!" ብምባል ብዓውታ ጸውዐ ያሲን።

"ደሓን ዲኻ ያሲን?" በሎ ጆራጎ።

ያሲን ኣቢታ ዓባይ ጃልባ እዩ ነይሩ።

ኒታ ክሻፋ ናይ ኪዳነ ስልጣን እናመልከተ "ኮምፓስ ረኺበ" በሉ።

እቶም ኣብ ከቢድ ስራሕ ተጸሚዶም ዝወዓሉ ዳይቨራት ኮምፓስ ድሕሪ ምርካቦም፣ ካብ ሽዓብ ለካ ሰዓት 4:00 ድሕሪ ቀትሪ ተበጊሶም፣ ሰዓት 7:00 ናይ ምሸት ኣብ ዓጊግ በጺሖም።

እቲ ሕክምና ናይ ሓይሊ ባሕሪ ተደኪኑ ስለዝነበረ፣ ኒታ ጃልባ በቲ ሸነኽ ናይ ሕክምና ዓሸጉዋ። ንመሰረት ተወልደብርሃን ኣብ ሕክምና ኣእትዮም ደማ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቶም ሐመድ መሓመድ ካራረን ተወልደ ቀላትን ተራኺበ። ኒቲ ዘጋጠሞም ኩነታት ከኣ ኣስፊሖም ገለጹሎም።

ዕለት 01/01/1989 ንኣባላት ዳይቨር ሓይሊ ባሕሪን ሃንደሳ ውድብን ብፍሉይ እየም ዝዝክሩዋ። እዛ ዕለት'ዚኣ ህይወት ሽዱሽተ ብሉጻት ተጋደልቲ ብማስዋእቲ ዝወሰደት ዕለት ኢያ። እቶም ብማስዋእቲ ዝተፈልዩ ተጋደልቲ ከኣ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

**1. ሃብተ ሰለሙን (ቀበጽ) - ኣባል ሃንደሳ ውድብ**
**2. ሰለሙን (በላ) - ኣባል ሃንደሳ ውድብ**
**3. ኪዳነ ስልጣን (ወዲ ስልጣን) - ኣባል ሓይሊ ባሕሪ**
**4. ተከኤ ኣምለሶም (መርዓዊ) - ኣባል ሓይሊ ባሕሪ**
**5. ተስፋዝጊ መብራህቱ -ኣባል ሓይሊ ባሕሪ**
**6. ተስፋልደት ግርማይ - ኣባል ሓይሊ ባሕሪ**

**ብዘወሳኺ መሰረት ተወልደብርሃን ከቢድ ናይ ርእሰን ምንጋጋን መውጋእቲ ኣጋጢምዎ።**

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ትርጉምን ትርጉም ኣልቦነትን

### ትርጉም 'ትርጉም' እንታይ እዩ፧

ትርጉም እንታይ ማለት እዩ፧ ንሓደ ነገር ብኹሉ ሰብ ዝወሃብ ትርጉም ሓደ ድዩ፧ ትርጉም ኣብ ምሃብ ዝጸሉ ረቛሒ እንታይ እዩ፧ 'ትርጉም ዘይብሉ' ወይ ትርጉም ኣልቦነት ዝብሃል ኣሎ ድዩ፧

'ትርጉም' ዝብል ቃል ብተደጋጋሚ ካብ እንጥቀመሎም ቃላት፡ ሓደ እዩ። ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ክንገልጽ እንከለና፡ ብትርጉም ኢና ንጅምር። ንኹሉ ነገር ትርጉም ንደልየሉ'ኳ እንተ ኾንና፣ ህይወት፡ ሓርነት፡ ፍቕሪ፡ ልቦና፡ ሞት፡ ስድራቤት፡ ውላድ፡ ሕብረተሰብ፡ ሃገር፡ ወዘተ ዝብል ዓሚቕ ኣምራት ግን ዝያዳ ካልእ ትርጉም ምስ ደለናሎም እና። ሓንጎል ሰብ ኣውተማቲካዊ ትርጉም ናይ ምሃብ ክእለት ኣሎዎ፣ ዝገበርና እንተ ገበርና፡ ሓንጎልና ደምዳሚ ሓሳብ ካብ ምሃብ ደው ከነብሎ ከም ዘይንኽእል'ዩም ተመራመርቲ ስነ መትኒ ዝገልጹ። ካብ ናኣሽቱና ጀምርና ኣብ ከባቢና ዝርከብ ኩሉ ነገር ክንርዳእን ትርጉም ክንረኽበሉን ኢና እንፍትን። ሓንጎልና ከኣ በቲ ካብ ናኣሽቱና ጀምርና እንእከቦ ሓበሬታ ተበጊሱ፡ ንነገራት ትርጉም ይህብ። ኣብ ንኡስ ዕድመና ፍቕሪ ወላዲ ምስ ዘይነስተማቕር ኣገዳስነቱ ኣይርድኣናን፣ ካብዚ ተበጊስና ከኣ ዝተወጃበረ ትርጉም ፍቕሪ ወላዲ ክንሕዝ ንግደድ። ነዚ ዝተወጃበረ ትርጉም ዝኣልን ብእወታዊ መረዳእታ ዝትክእን ፍልጠትን ተመኩሮን ክሳዕ ዘየዕበና፡ ነቲ ዝተወጃበረ ትርጉም ሒዝና ንጓዓዝ።

ትርጉም፡ ኣብ ግዜ ቍልዕነት ኣብ ከባቢና ብእንረኽቦ ሓበሬታን ምእዘናን ብቐጥታ ይጽሎ።



ብዕድመ እናዓበና ምስ ከድና ከኣ ተመኩሮን ትምህርትን፡ ንነገራት ናይ ውልቅና ትርጉም ክንህቦም ይሕግዘና። ትርጉም ኣብ ዝተፈላለዩ ነገራት፡ ተገዳስነት፡ ኣድህቦን ክብርን ክንህብ ካብ ዝጸሉ ረቛሒ እዩ። ትርጉም ምስ 'ኣገዳስነት' ቀጥታዊ ዝምድና ኣሎዎ። ንሓደ ነገር እወታዊ ትርጉም ምሃብ 'ኣገዳሲ እዩ፡' ኢልና ክንኣምን ይድርኽ። 'ትርጉም የብሉን፡' ኢልካ ምሕሳብ ከኣ ምሉእ ብምሉእ ከም ዘይንግደሰሉ ይገብር። ትርጉምን ትርጉም ኣልቦነትን ምስ ባህርያዊ ወይ ሓሳባዊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ መትንታት ወይ ባዮሎጂ ምትሕሓዝ ኣሎዎ። ትርጉም፡ ሓንጎልና ንነገራት መለለዪ ኮድ ዝህበሉ ኣገባብ እዩ። "ትርጉም ኣሎዎ፡" ኢልና ንእንኣምነሉ ነገር፡ ሓንጎልና ኣድህቦ ይህቦ፡ የሰላስሎ፡ ብቐልጡፍ ይዝክሮን ብዝግባእ ይስንዶን። ንኣብነት፥ 'ትምህርቲ ኣገዳሲ እዩ፡' ኢሉ ዝኣምን ተመሃራይ፡ ኣብ ትምህርቲ ከድህብ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ክምእርር (ክጽንዕ)፡ ዝተመሃሮ ትሕዝቶ ከስተንትኖን ክዝክሮን ኣይጽገምን። ንነገራት እወታዊ ትርጉም ዝህብ ሰብን ብትርጉም ኣልቦነት ዝሳቐ ሰብን ዘሎዎም ናይ ኣተሓሳስባ፡ ቀልጢፍካ ናይ ምርዳእ፡ ግድላት ናይ ምፍታሕን ናይ ምዝካርን ዓቕሞም ዝተፈላለየ ምኳኑ ተመራመርቲ ስነ መትኒ ይገልጹ።

ትርጉም፡ ኪንዮ ንሓደ ነገር ክትገልጽ ከለኻ እትህቦ ቀጥታዊ ኩነታ ወይ መብርሂ እዩ። ንኣብነት፥ ትርጉም ስድራቤት፡ ኪንዮ ኣብ ሓደ ቤት ዝቕመጡ ኣቦ፡ ኣደን ውሉዳቶምን እዩ። ስድራቤት፡ "ቤት ትምህርቲ ፍቕርን ሓልዮትን፡ መሰረት ሕብረተሰብ፡ መመልመሊ ስነ ምግባር፡ ክፉእካን ጽቡቕካን ዝቕበል፡ ኣብ ኩሉ ጉዳይካ ተኻፋሊ፡ ወዘተ እዩ፡" እንበልና ብዙሕ ትርጉም ክንህቦ ንኽእል። መቐረት ስድራቤት ዘስተማቐረን ዘየስተማቐረን ሰብ፡ ብዛዕባ ስድራቤት ዝህሉዎ ትርጉም ነንበይኑ እዩ። ንነገራት ትርጉም ናይ ምልባስ ኣገባብ፡ ተፈጥሮኣዊ ስራሕ ሓንጎልና'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣገባብና ግን ብብዙሕ ረቛሒታት ይጽሎ። ትምህርቲ፡ ተመኩሮ፡ ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ፡ ውልቃዊ ባህሪ፡ ጽልዋ ዓርኪ መሓዛ፡ ከምኡ'ውን ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓያል ጽልዋ ዘሎዎ መራኸቢ ብዙሃን ክንጠቕስ ንኽእል።

ትርጉም፡ ብፍላይ ትርጉም ህይወት፡ ሕቶ ጽልዋን ደረት ቍጽጽርን የልዕል እዩ። ኣብ ቤትና፡ ቤት ትምህርትና፡ ቦታ ስራሕና፡ ኣከባቢና፡ ወዘተ ጽልዋ ምስ ዘይህሉወና ትርጉም ህላውነትና ክፈታተኖ ይኽእል። ኣብ ዘይንቈጻጸሮ ኩነታት'ውን ትርጉምና ኣብ ምንዳይ ንሸገር ኢና፣ እዚ ከኣ ትርጉም ኣልቦነትን ተስፋ ምቝራጽን ከድህበልና ይኽእል። ትርጉም፡ ብዘሎና ናይ ተጻዋርነት ብቕዓት'ውን ይጽሎ እዩ። ጽኑዕ ሰብ ወይ ሕብረተሰብ ንነገራት ክሳብ ብዕምቈት ዝርድኦምን ብድሆታቱ መፍትሒ ዝረኽበሎምን ናይ ምጽዓርን ምቕጻልን ብቕዓት ስለ ዘሎዎ ትርጉም ኣብ ምርካብ ኣይሸገርን እዩ። ትርጉም ስለ ዝደለኻዮ ዝርከብ ርኽበት ኣይኮነን፣ ኣብ ሓደ ግዜን ፈተነን'ውን ኣይርከብን። ብህይወት ክሳብ ዘሎና ትርጉም ህይወት ወይ ካልእ ኣብ ህይወት ዘጓንፈና ነገራት እናኣዕበና ኢና እንኸይድ። ኩሉ ሰብ ድዩ ትርጉም ህይወት ክርድኦ ዘሎዎ፧ እቲ ብዛዕባ ትርጉም ህይወት ዘይፈላሰፍ ጸገም ኣሎዎ ማለት ድዩ፧

ዶክተር ኢዶ ላንዱ፡ 'ዘይተገዳስነት ኣብ ትርጉም፡ ትርጉም ኣልቦ ህይወት ምምራሕ ማለት ድዩ፧' ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ጽሑፉ፡ "ክልተ ዓይነት ፍልጠት እዩ ዘሎና፡" ይብል። ቀዳማይ፡ ነቲ ዘሎ ፍልጠት፡ ክእለት፡ ሜላ፡ ወዘተ ምጥራይ እዩ። ካልኣይ ከኣ ነቲ ፍልጠት፡ ክእለትን ሜላን ብኸመይ ነጥርዮ ምፍላጥን ክትገልጽ ምኽኣልን እዩ። ብቐሊል ዝበለ መኪና ዘዊርካ ምኽኣልን ብኸመይ ክትዝውር ትኽእል ምፍላጥን ምግላጽን ማለት እዩ። ኣብ ህይወት ከኣ ገለ ትርጉም ዘሎዎ ህይወት ዝነብሩ ሰባት ኣለዉ፣ ብዛዕባ ትርጉም ህይወት ይሕሰቡ ኣይሕሰቡ ትርጉም ዘሎዎ ህይወት ካብ ምንባር ዝድርቶም የለን። ገለ ከኣ ብኸመይ ትርጉም ዘሎዎ ህይወት ንነብር ዝፈልጡን ዝምህሩን ኣለዉ፣ እዚ ፍልጠት ግን ትርጉም ዘሎዎ ህይወት ክትመርሕ ዘተኣማምን መምርሒ ፍቓድ ከም ዘይኮነ ኣብቲ ጽሑፍ የረድእ። "ብዛዕባ ልብና፡ ሳንቡእና፡ እግርና፡ ሕቈና፡ ወዘተ ቀጻሊ ኣይንሓስብ ኢና፣ ገለ ጸገም ምስ ዝፍጠር ጥራይ ኢና ክንሓስበሉ እንጅምር። ብዛዕባ ትርጉም ህይወት ከኣ ተመሳሳሊ እዩ፡" ይብል ዶክተር ኢዶ። እኳ ደኣ ዝያዳ ትርጉም ህይወት ምንዳይ ኣሉታዊ ስእሊ ከም ዘሎዎ፡ ስትሪገር ዝተባህለ ተመራማራይ ብ2006 ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ ይሕብር። ምኽንያቱ፡ ዝበዝሐ ግዜ፡ ትርጉም ናይ ምድላይ ሃቐነ ካብ ስምዒታት ትርጉም ኣልቦነት ዝብገስ ስለዝኾነ። ስለዚ፡ ብዛዕባ ትርጉም ህይወት ዝግበር ምስትንታት ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ መበገስን መዕለብን ሓሳብና ምፍታሽ'ውን የድሊ'ዩ።

## ምንዳይ ትርጉም ህይወት ኣብ ኵትትና

ክሊ ዕድመ ኵትትና ኣካላውን ኣእምሮኣውን ለውጥታት ዝርኣየሉ ክሊ ዕድመ እዩ። እቲ ኣካላዊ ለውጥታት ብዓይንና ዝርኣን ንጹር ደኣ ይምሰል እምበር፡ ብለውጥታት ናይ ስምዒታትን ሆርሞናትን ስለ ዝስነ፡ ነቲ ኣካላዊ ለውጥታት'ውን ኣብ ምቕባል ንጽገም ኢና። እቲ ዝሓየለ ብድሆ ግን ኣብ ግዜ ኵትትና ክለዓል ዝጅምር ትርጉም ናይ ምንዳይ መስርሕ እዩ። ሓደ ካብቲ በዳሂ ዝገብሮ ምኽንያት፡ ብቈልዑና እንከለና ናይ ወለድና፡ መምህራንናን ካልእ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ሰብን ኢና ትርጉም እንመሃር። ካብ ዕድመ ኵትትና ጀሚርና ግን ናይ ገዛእ ርእስና ኣስተብህሎን ተመኩሮን ከነዕቢ ስለ እንጅመር፡ ናትና ትርጉም ክህሉና እናደለና ንመጽእ። እዚ ለውጥታት ከኣ ነቲ ክኸይድ ዝጸንሐ ናይ ትርጉም ምህላው መስርሕ ክጸልዎ ይጅመር እሞ፡ ኣብ ባህርያትን ቅዲ ኣነባብራን ለውጢ ይርአ። ወለዲ፡ "ትምህርቲ ትርጉም ኣሎዎ፡" ኢሎም ከዕብዩና ይጸንሑ እሞ፡ ንሕና ነቲ ክብሉና ዝጸንሑ ዝድርዕ ተመኩሮ ምስ ዘይህሉወና ተቓራኒ ስምዒት ነዕቢ። ከም ውጽኢቱ፡ ኣብ ትምህርቲ ውጽኢትና እናተሓተ ይኸይድ። ክሳዕ ትርጉም ትምህርቲ ዘየዕበና ከኣ እቲ ኣሉታዊ ጽልዋ እናዓበየ ክኸይድ ይኽእል።

ትርጉም ህይወት ምስ ዕድመን ተመኩሮን ይቀያየርን ይዓብን እዩ። እቲ ብዕድመ ዝበሰለ ሰብ ትርጉም ዝህቦ ነገራት ንኰተቴ ትርጉም ዘይክህቦ ይኽእል እዩ። ንብዕድመ ዝበሰለ ሰብ፡ ትምህርቲ፡ ሞያ፡ ቍጠባዊ ሓርነት፡ ድልዱል ዝምድና፡ ወዘተ ትርጉም ኣሎዎ። ንኰተቴ ግን ማሕበራዊ ተቐባልነት ልዕሊ ዝኾነ ጉዳይ ትርጉም ኣሎዎ። ዕድመን ተመኩሮን ኣብ



ህይወት ትርጉም ዝህበና ኣብ ምልላይ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣሎዎ። ብዕድመን ተመኩሮን ዝያዳ እናበሰልና ዝኸድናሉ፡ ዝያዳ ትርጉም ግዜ፡ ጻዕሪ ወይ ዋጋ ምኽፋል፡ ዓወትን ውድቀትን፡ ቀጻልነት ወይ ውሕስነትን ካልእን ይርድኣና። በዚ መንጽር ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝተፈላለየ መጠን ተገዳስነትን ናይ ተጻዋርነት ዓቕምን፡ ኣብዞም ዝተዘርዘሩ የርእዩ። ኰተቴ ድሩት ተመኩሮ ህይወት ዝጸለዎ፡ ኣብ ናይ ሓጺር ግዜ ለውጥን ባህግን ዝተሰረተ ውሳነ እዮም ዘውስኑ። ብዕድመ ተመኩሮን ዝበሰለ ግን ንነዊሕ ዝጠመተ፡ ዋላ ድኣ ዋጋ ይኽፈሎ እቲ ዝድለ ውጽኢት ከምጽእ ዝኽእል ውሳነ እዮም ክውስኑ ዝጽዕሩ። ኣብ ውዑይ ዕድመ ንዝርከብ ኰተቴ ትርጉም ህይወት፡ ኣብ ብዝሒ ማሕበራዊ ተቐባልነት ናይ ሓጺር ግዜ ውጽኢት ዝተመርኰሰ እዩ። ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ወላዲ፡ መምህርን ካልእ ክፋል ሕብረተሰብን ከኣ ነዚ ብሰንኪ ንኡስ ዕድመን ዋሕዲ ተመኩሮን ተደሪቱ ዝርከብ ትርጉም ህይወት ኣብ ምስፋሕ ዓቢ ተራ ክጻወቱ ይግባእ። ብኸመይ፧

ኰተቴ ከማና ሰባት እዮም። ልክዕ ከምቲ ንሕና ዝሓለፍናዮ መስርሕን ተመኩሮን ከኣ'ዮም ዝሕልፉ ዘለዉ። ስለዚ፡ ንሕና ካብኦም ዝሓሸና ኮይኑ ክስምዓናን ከማና ክውስኑ ክንጽበን ኣይግባእን። ንሕና'ውን ልክዕ ከምኦም ኣብ ግዜና ተመሳሳሊ ድሩት ተመኩሮን ባህርን ነይሩና እዩ። ኩሉ ሰብ ብፍላይ ቈልዓን ኰተቴን ብኣብነት ዝያዳ ይመሃሩ። ንሕና (ብዕድመ ዓበይቲ እንብሃል) ትርጉም ህይወት ዘይርድኣና፡ ተስፋ ዝቘረጽና፡ ህይወትና ካብ ቍጽጽርና ወጻኢ ኮይና እትስምዓና፡ ድኹማትን ዘይጸለውትን ምስ እንኸውን ካባና ዝሕሹ ውሉዳት፡ ተመሃሮ፡ ናኣሽቱ ኣሕዋት ወይ ወለዶ ኣይንጸበ። ብተወሳኺ ትርጉም ህይወት ኣብ ዘዕቢ ንጥፈታት ክሳተፉ ምትብባዕን ባይታ ምጥጣሕን የድሊ። ወለድን መምህራን ኣብ ውጽኢት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንተበግሶን ተገዳስነትን ምስ እነተባብዕ ከኣ ትርጉም ዘሎዎ ህይወት ክመርሑ ክሕግዞም ይኽእል።

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ስልጠና ዳኝነት ሂቡ

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ዓቕሚ ሞያውያን ንምዕባይ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት፡ካብ 26 ሰነ ክሳብ 1 ሓምለ 2026 ናይ መንእሰያት ደያኑ ስልጠና (Elite young



referee course) ኣብ ኣስመራ ሂቡ።

እቲ ስልጠና ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡ ክልተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ንዕስራ ደያኑ እዩ ተዋሂቡ። እቲ ብዮሃንስ ክልሰ ሓሳብን ተሰነዩ ዝተዋህበ ናይ ስልጠና መደብ፡ ፈተና ኣካላዊ ብቕዓት (couper test)፡ ሓደስቲ ዝተኣመሙ ሕጋጋት ዳኝነት ፊፋ ንምልላይ ከምኡ'ውን ኣገደስቲ እዋናውያንን ኣገባብ ምምራሕ ዳኝነት ኣብ ዘተኮሩ ኣርእስትታት ብኢንስትራክተራት ዳኝነት ወሸጢ ዓዲ እዩ ተዋሂቡ።

እቲ ዝተዋህበ ናይ ብቕዓት መሐደሲ ስልጠና፡ ሞያዊ ዓቕሚ ስልጠንቲ ብሓደ ደረጃ ክብ ዘብልን ናብ ደረጃ ኢንተርናሽናል ዳኝነት ክሰግሩ ንዘኽእሉ ብቑዓት ሕጹያት ደያኑ ንምምጋይ ዝሕግዝን ስልጠና ምንባሩ፡ ነቲ መደብ ዝመርሑ ኢንስትራክተራት ዳኝነት ኣብቲ ኢጋጣሚ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ገሊጾም።

## ዓወት ዘስዓቦ ዕንወት

ሃገራዊት ጋንታ መክሲኮ ኣብ ዙር 32 ግጥማት ኣውዳቕካ ምሕላፍ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ኣብ ልዕሊ ሃገራዊት ጋንታ ኢኳዶር 2-0 ዓወት ድሕሪ ምምዝጋባ፡ ነቲ ዓወት ንምጽንባል ኣብ ማእከል ርእሰ ከተማ ናይታ ሃገር ዝተኣከቡ ደገፍቲ ብዘፈጠርዎ ጸቕጥቕጥ ሰለስተ ሰባት ከም ዝሞቱ ተገሊጹ።



መክሲኮ፡ ኣብ ጽንብል 3 ሰባት ሞይቶም

መክሲኮ ድሕሪ 1986 ንፈለማ እዋን ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም ኣውዳቕካ ምሕላፍ ዓወት ብምምዝጋብ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ምስጋራ ይፍለጥ። ከንቲባ ናይታ ከተማ ክላራ ብሩጋዳ ንእደራብት ግዳያት ዝተሰማዓ መሪር ሓዘን ድሕሪ ምግላጻ፡ ሃገራዊት ጋንታኦም ኣብ ቀጻሊ ጸወታታት ኣብ ተመዛዚ ዓወታት፡ ተመሳሳሊ ፍጻመ ከይጋጥም ጥቡቕ ክትትል ክግበር፡ ጉድኣት ዘስዕቡ ጽንብላት ከይደገሙን ቃል ኣትያ። እዮም ኣብ ከባቢ 'ሓወልቲ መልኣኽ ናጽነት' ዝተረኽቡ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ደገፍቲ ከዕሶ እግሪ፡ ሓጎሶም ክቑጻጸርዎ ብዘይምኽኣሎም ዝሰዓበ ሞት ኣብ ገጸት ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ "ዓወት ዘስዓቦ ሞት" እናተባህለ ይግለጽ ኣሎ።

እቶም ሰለስተ ግዳያት ናብ ሆስፒታል ተወሲዶም ቀዳማይ ረድኤት እኳ እንተ ተዋሂቦሎም በቲ ዝወረዶም ሃሰያ ግና፡ ሽዑ ንሽዑ ከም ዝሞቱ ሰብ ማዚ ጥዕና ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ሓቢሮም።

ንዓወት ሜክሲኮ ዘበስር ፊሽካ ብሜክሲካዊ ዳኛ ስሎቬንያዊ ስሉቭኮ ቪንቺች ምስ ተፋሕ፡ ኣብ ስታድዮም ኣዝዩ'ኻን ሰፊሕ ክፋል ናይታ ከተማ፡ ህዝባዊ ጽንብል ምልዕዓሉ ይፍለጥ። መክሲኮ ኣብ ዝስዕብ ጸወታኣ ምስታ ንዲሞክራሲያዊት ሪፓፕሊክ ኮንጎ 2-1 ዝሰዓረት እንግሊዝ ኢያ ክትራኸብ። ይኹን እምበር ንብቕዓትን ወህደትን ተጻወትቲ እንግሊዝ ኣምኪኑ ዓወት ዘኮናጽፍ ኣቃውማ መክሲኮ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንቓል ከንቲባ መክሲኮ ሰቲ ዝሕልው ዶ ይኸውን ዝብል ምግት ኣለዓዒሉ ደርኩቡ።

## ኤቨርተን ናይ ማእከል ኣኸፋፋሊ ኣፊሪማ

እንግሊዛዊት ክለብ ኤቨርተን ኣብዚ ክራማት ንኣኸፋፋሊ ክለብ ሚድልስብሮ ሃይደን ሃኪ ብ24 ሚልዮን ፓውንድ ኣፊሪማቶ። እዚ ወዲ 24 ዓመት ተጻዋታይ ኣብ መርሲሳይድ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውዕል እዩ ፈሪሙ ዘሎ። ሃይደን ሃኪ ኣብ ስታድዮም ሪቨርሳይድ ኾነ ውዕሉ ሓደ ዓመት ተሪፉዎ እንከሎ እዩ ናብ ኤቨርተን ተጸንቢሩ።

ኤቨርተን ነዚ ትሰፉው መንእሰይ ኣቓዲማ 16.5 ሚልዮን ፓውንድ ከፊላትሉ ኣላ። ብዘይካ'ዚ ኣብታ ጋንታ



ዝሀልዎ ኣበርክቶን ካልኦት ነገራትን ኣብ ግምት ብምእታው ናይ 24 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ከም ዝተንብረሉ መርበብ ሓበሬታ ስካይ ስፖርት ኣረጋጊኡ።

ብመሰረት ስካይ ስፖርት፡ ሃኪ ኣብ መርሲሳይድ ንሓሙሽተ ዓመት ዝጸንሕ ውዕል ፈሪሙ ኣሎ። እዚ ኣብ ዓመት ስፖርት 2025/26 ብሉጽ ተጻዋታይ ሻምፕዮን ስካይ ቤት ተባሂሉ ዝተሸለመ ወዲ 24 ዓመት ተጻዋታይ፡ ምስ ኣሰልጣኒ ኤቨርተን ዴቪድ ሞየስ ብሓባር ብምኻን ኣብ ፕሪሚር ሊግ 2026-27 ክሳተፍ እዩ። ኤቨርተን ኣብዚ ክራማት ሓደሽ ቀጽሪ 6 ተጻዋታይ ንምፍራም ክትሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዓይና ኣብዚ ወዲ 24 ዓመት እንግሊዛዊ ኣዕሪፋቶ ኣላ።

## ቶተንሃም ንቶናሊ ንምፍራም ተሰማሚዓ

ቶተንሃም ንኢጣልያዊ ኣኸፋፋሊ ኒውካስል ሳንድሮ ቶናሊ ንምፍራም፡ ክብረ ወሰን ተጻወትቲ ናይታ ጋንታ ዝሰበር ዋጋ ብ100 ሚልዮን ፓውንድ ምስምምዓ ተቓሊሑ።





ስፓርስ ኣብዚ ክራማት መሳርዓ ንምድልዳል ትሰርሕ ምህላዋ ዝገለጹ ጸብጻባት ኩዕሶ እግሪ፡ ኣብዚ ክራማት ጥራይ ንቶናሊ ከምኡ'ውን ንማቲያስ ፈርናንደስ ካብ ዌስትሃም ብ85 ሚልዮን ፓውንድ፡ ንጃክ ፖል ሃን ሄክ ካብ ብራይተን ብ52 ሚልዮን ብምፍራማ ወጻኢታታ ናብ ልዕሊ 200 ሚልዮን ክበ ኣቢላቶ ኣላ፡ ብተወሳኺ ንኸም ብዓል ኣንዲ ሮበርትሶን፡ ማርክስ ሰሰኒን ማርቲን ብናጻ ዝውውር ምፍራማ ይፍለጥ።

ሳንድሮ ቶናሊ ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ሮበርቶ ዲ ዘርቢ ክጻወት ባህጊ ከም ዘለዎ ዝመልከተት ስካይ ስፖርት፡ ጋንታኡ ነበር ኒውካስትል ምስ ቶተንሃም ምስምምዓ ድማ ሓሳብ ልቡ ከም ዝሰመረሉ ነቲ ተጻዋታይ ብምጥቃስ ገሊጹ። በዚ መሰረት ቶናሊ ኣብ ስፓርስ ንሰሙን ልዕሊ 275 ሽሕ ፓውንድ ክረክብ ትጸበት ይግበር።

## ኬይን ሓደሽ ክብረ ወሰን ይሕዝ

ሃሪ ኬይን ኣብ ግጥም ዙር 32 ኣብ ልዕሊ ሃገራዊት ጋንታ ዲሞክራሲያዊት ሪፓፕሊክ ኮንጎ 2 ሽቶታት ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ሓደሽ ክብረ ወሰን ኣጽሒፉ። ኬይን ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማትን ዋንጫ ዓለምን ናይ ሃገሩ እንግሊዝ ናይ ወትሩ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ እዩ።

ኬይን ኣብ ሰለስተ ውድድራት (2018፡





2022፡ 2026) ዋንጫ ዓለም ኣብ ዝተሳተፍዎ 15 ግጥማት 13 ሽቶታት በጺሑ ኣሎ። በዚ ድማ ነቲ 12 ሽቶታት ዘመዝገበ ብራዚላዊ ፔለ ሓሊፉዎ ደርኩቡ።

ብሓፈሻ ኣብዚ ዓለማዊ ውድድር ምስ ጃስት ፎንታኑ ተመዓራርዩ ድሕሪ ፈረንሳዊ ኪልያን ምባፔ 18 ሽቶታት፡ ጀርመናዊ ሚሮስላቭ ክሎዘ 16፡ ብራዚላዊ ሮናልዶ 15 ጀርመናዊ ገርድ ሙለር 14 ሽቶታት ተኸቲሉ ሻዱሻይ ደረጃ ሐዙ ደርኩቡ። ኣብ ውድድራት ዋንጫ ዓለም ዝበዝሐ ኣመዝጋቢ ሽቶ ብምኻን ዝመርሕ ዘሎ ኣርጀንቲናዊ ሊዮኔል መሲ - ብ19 ሽቶታት እዩ።

ብዘይካ'ዚ ሃሪ ንምብዩ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ወኪሉ ኣብ ዘካየዶ 118 ጸወታታት 84 ሽቶታት ብምምዝጋቡ ክሳብ ሕጂ ዝበዝሐ ኣመዝጋቢ ሃገሩ ብምኻን ኣብ ቅድሚት ይስራዕ።

ብ "ሰለስተ ኣናብስ" ዝብል ቅጽል ስም እትፍለጥ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ናብ ዙር 16 ሓሊፋ ብምህላዋ፡ ኣብቲ ዝመጽእ ሰሉይ 6 ሓምለ ሰዓት 3 ቅድሚ ቀትሪ ወጋሕታ ምስ መክሲኮ እተካይዶ ግጥም ሃሪ ኬን ሽቶ ከመዝግብ ከም ዝኽእል ይእመነሉ። በዚ መሰረት ዋሕዚ ሽቶታት ናይ'ዚ ሓለቓ ጋንታ ክውሰኽ ከም ዝኽእል ተንተንቲ ስፖርት ይእምቱ።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ

- ቶተንሃም ንወዲ 24 ዓመት ኣጥቃዓይ ዌስትሃም ሆላንድ ክሪሰንሲዮ ሳመርቪል ንምፍራም ኣብ ራዳራ ከም ዘእተወቶ ጊቭ ሚ ስፖርት ዝተባህለ መርበብ ስፖርት ሓቢሩ። ስፓርስ ኣብ ዝመጽእ ወቕቲ ዝያዳ ሓይላ ንምቕራብ እትገብሮ ዘላ ወፍሪ ንምድራዕ ድሮ ንወዲ 21 ዓመት ኣኸፋፋሊ ፖርቱጋል ማቲያስ ፈርናንደስ ካብታ ናብ ታሕተዋይ ደረጃ ዝወረደት ሃመርስ ምፍራማ ይፍለጥ።
- ጁቬንቱስ፡ መስርሕ ምጽጋጋር ናይቲ ቀዳማይ ሃዲ ሽቶኣ ንምኻን ካብ ፓሪስ ሴይንት ጀርመን ከተፈርሞ ትሓስብ ዘላ ወዲ 27 ዓመት ፈረንሳዊ ራንዳል ኮሎ ምስ ዘይሰልጣ፡ ከም ኣማራጺ ንወዲ 24 ዓመት ሆላንዳዊ ኣጥቃዓይ ሳንደርላንድ ብራያን ብሮቢ ኣብ ታርጌት ኣእትያ ትሰርሕ ምህላዋ ቱቶ ማርካቶ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ኢጣልያ ኣፍሊጡ።
- ኤቨርተን ወዲ 36 ዓመት ኣኸፋፋሊ ሃገራዊት ጋንታ ሴኔጋልን ቪላርያልን - ኢድሪሳ ገየ ውዕሉ እንተዘይ ኣናዊሑ፡ ንወዲ 27 ዓመት ኣህጉራዊ ተጻዋታይ ቪላርያልን ሴኔጋልን ፓፐ ገየ ወይ ድማ ንወዲ 24 ዓመት ቤልጁማዊ ኣኸፋፋሊ ፓርማ ማንዴላ ኬይታ ከም መተካእታ ሓጺያቶም ምህላዋ መርበብ ሓበሬታ ተምቶክ ኣፍሊጡ።
- ኣስቶን ቪላ ንወዲ 23 ዓመት ኣኸፋፋሊ ሰልታ ቪጎን ጊኒን - ኢላይክስ ሞሪባ ኣብ መስርዕ ብምስላፍ ክተጻውቶ ተገዳሲት ከም ዘርኣየት ፋት ባል ኢንሳይደር ሓቢሩ። ብመሰረት እቲ ምንጪ፡ ኣስቶን ቪላ ነዚ ኣኸፋፋላይ ኣብ ሕቓፎኣ ንምእታው 15 ሚልዮን ፓውንድ ቀሪባ ኣላ።
- ወዲ 25 ዓመት ክርቲስ ጆንስ ኣብ ሊቨርፑል ክጸንሕ ይኽእል'ዩ ደሃዛል ኣሎ። ምኽንያቱ እዚ እንግሊዛዊ ኣኸፋፋሊ ናብ ኖቲንግሃም ፎረስት ክጽንበር ድሌት ዘይብሉ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ተጻዋታይ ተገዳሲት ክተርኢ ዝጸንሐት ኢንተር ሚላን ድማ ዝሓተቶ ዋጋ ከተማልእ ስለዘይከኣለት ምኻኑ መርበብ ሓበሬታ ሊቨርፑል ኣፍሊጡ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ዋንጫ ዓለም ዙር 32

ኣውስትራልያ - ግብጺ 9፡00 ድ.ቀ

ስዊዘርላንድ - ኣልጀርያ 6፡00 ቅ.ቀ

**ቀዳም**

ኣርጀንቲና - ኬቨ ቨርደ 1፡00 ቅ.ቀ

ኮሎምቢያ - ጋና 4፡30 ወጋሕታ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ህንዲን ጃፓንን ብርክት ዝበሉ ስምምዓት ከቲመን



ህንዲን ጃፓንን፡ ዝምድናአን ንምሕያል ኣብ ዝሰርሓሉ ዘለዋ እዋን፡ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ሰብ ስርሖ ብልሒ፡ ፍርያት ሓጺን ጸዓት፡ ቁጠባን ምክልኻልን ዘለወን ምትሕብባር ክዕብያ ከም እትሰማማዓ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዓት፡ ቀዳሞት ሚኒስተራት ክልተአን ሃገራት ኣብ ከተማ ኒውደልሂ - ህንዲ ድሕሪ ዘካየድኦ ዝርርብ እዩ ተበጺሑ።

ብመሰረት እቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዓት፡ ጃፓን ኣብ ዝመጽእ 10 ዓመታት ኣብ ህንዲ ናይ ልዕሊ 60 ቢልዮን ዶላር ወፍሪ ክትገብር እያ። ብኡ መጠን ከኣ ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ህንዲ ዝዀኑ ኩባንያታት ጃፓን ብዕጽፊ ክውሰኽ እዩ።

በዚ ድማ እቲ ስምምዓት ኣብ ምምዕባል ቀንጠብ ክልተአን ሃገራት ዝሀልዎ ኣበርክቶ ብቐሊል ከም ዘይጥመት፡ ክኢላታት ይእምቱ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጃፓንን ህንዲን ኣብ ምውሓስ ጸጥታ ዞባ ኢንዶ-ፓሲፊክ ሓብራዊ ኣበርክቶአን ከም ዘዕዝዛ ኣቢሎ ርክብ ገሊጸን።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን ሳና ታካይቺ፡ ንመበል 16 ግዜኡ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዓመታዊ ዋዕላ ህንዲ-ጃፓን ንምስታፍ ኣብ ህንዲ ከም እትርከበን ናይ ሰለስተ መዓልታት ዑደት ተካይድ ምህላዋን ይፍለጥ።

## እስራኤል፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ፡ ሊባኖስን ሶርያን ከም እትጸንሕ ሓቢራ



ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል - እስራኤል ካትዝ፡ ወተሃደራት ሃገሩ ኣብቲ ኣብዚ እዋን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እስራኤል ዝርከብ ክፋል ወሸመጥ ቓዛ፡ ሊባኖስን ሶርያን ንዘይተወሰነ እዋን ክጸንሑ ምዃኖም ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ እቲ ሓዲሽ ፖሊሲ፡ ኣብ ምክልኻል ዶባት ሃገሩ ኣጉዱሲ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሕዚቦላህ ዕጥቁ ክሳብ ዘየውረደ፡ ወተሃደራት እስራኤል ካብ ደቡባዊ ሊባኖስ ከም ዘይወጽኡ፡ ኣብቲ ኣብ 2006 ኣብ ውግእ ሊባኖስ ዝሞቱ ወተሃደራት እስራኤል ንምዝካር ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ ስነ ስርዓት ኣረጋጊጹ።

ሚኒስተር ካትዝ ኣሰዒቡ፡ ኢራን በቲ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣመኻንያ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ሕነ ክትፈዲ ምስ እትፍትን፡ ሃገሩ ብምሉእ ሓይላ ከተጥቅዓ ምዃና ኣጠንቂቑ።

ሊባኖስን እስራኤልን ኣብቲ ኣብ ዶብ ክልተአን ሃገራት ንኣዋርሕ ዝተኻየደ ግጭት ንምብቃዕ ብኣመሪካ ዝተደገፈ ስምምዕ ድሕሪ ምኽታመን ድሕሪ መዓልታት እዩ ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል እዚ መግለጺ ዝሃበ ዘሎ።

ሕዝቦላህ፡ እቲ ስምምዕ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ከም ድሌታ ንኽትንቀሳቐስ ናጽነት ዝህብ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ከም ዘይቅበሎ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻብት ዜና መራኽቢ ብዙሃን፡ ክሳብ ዝሓለፈ ሰነ፡ ሰራዊት እስራኤል ንሓደ ሕምሲት ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት ሊባኖስ ተቖጻጺሩ ይርከብ።

እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ብዘካየደቶ መጥቃዕቲታት፡ ዛጊት ኣስታት 4,300 ሰባት ክቕተሉ እንከለው፡ ከባቢ ሓደ ሚልዮን ነበርቲ ከኣ ካብ መረበቶም ከም እተመዛበሉ፡ ጸብጻብት መንግስቲ ሊባኖስ የመልክቱ።

## ኣመሪካን ኢራንን፡ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ዘተኮረ ዘይቀጥታዊ ዘተ ኣካይደን




ኣመሪካን ኢራንን፡ ብማጠኑ እወታዊ ወጽኢት ከም ዘተረኽቦ ዝተገልጸ ዘይቀጥታዊ ዘተ ኣብ ቀጠር ከም ዘካየዳ ተሓቢሩ።

እቲ ብመንጎኛነት ፓኪስታንን ቀጠርን ኣብ ከተማ ዶሓ ዝተኻየደ ቴክኒካዊ ርክብ፡ ኣብ ትግባረ እቲ ብ17 ሰነ ዝተበጽሐ ናይ ምርድዳእ መዝከር ዘተኮረ እዩ ነይሩ።

ጉዳይ መጻብቦ ሆርሙዝን ደሰኪሉ ዘሎ ገዝዚብ ኢራንን፡ ካብ ቀንዲ ኣጀንዳታት ናይቲ ዘተ ምንባሮም ከኣ ምስቲ ዛዕባ ቅርበት ዘለዎም ሰበ ስልጣን ሓቢሮም።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቀጠር፡ ዝቐጽል ዝርርብ ድሕሪ እቲ ክሳብ 9 ሓምለ ዝቐጽል ስነ ስርዓት ቀብሪ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ ኢራን ነበር ኣያቶላህ ዓሊ ካመንኢ ክካየድ ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኢራን ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ኣብ ጉዳይ ምእላይ ኮተቱ ንዝግበር ምትእትታው ካልኦት ሃገራት ብትሪ ከም እትቃወሞ ኣዘራረባ።

ኢራን ንዚ ዝገለጸት፡ ፈረንሳን ጃፓንን ኣብቲ ጉዳይ ብሓባር ከም ዝሰርሓ ድሕሪ ምግላጸን እዩ።

ኣብ ጉዳይ መጻብቦ ሆርሙዝ ዝግበር ግዳማዊ ምትእትታው ነቲ ከኒታት መሊሱ ከም ዘሓላልኾ ዝገለጸት ኢራን፡ መንግስታት ፈረንሳን ጃፓንን ተኸታቲሎ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ክቑጠባ ኣተሓሳሲባ።

## ኢራን፡ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሪ መንፈሳዊ መራሒኣ መጥቃዕቲ ከይካየድ ኣጠንቂቓ



ሓደ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ኢራን፡ ሃገሩ ስነ ስርዓት ቀብሪ ናይቲ ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ኲናት ኢራን ዝተቐትለ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒኣ ነበር ኣያቶላህ ዓሊ ካመንኢ ንምክያድ ኣብ እትቀራረበሉ ዘላ እዋን፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊኣ ዝኾነ ዓይነት መጥቃዕቲ ከይካይዳ ትማሊ ሓሙስ ኣጠንቂቑ።

እቲ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ወሲኹ፡ ኣብዚ ኢራን ሃገራዊ ስነ ስርዓት ቀብሪ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒኣ ነበር ንኽተካይድ እትዳለወሉ ዘላ እዋን፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ከካይዳ ምስ ዝሓስባ፡ ተረር ግብረ መልሲ ክጸብያ ከም ዘለወንውን ኣተሓሳሲቡ።

ብመሰረት ሰበ ስልጣን ኢራን ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ስነ ስርዓት ቀብሪ ኣያቶላህ ዓሊ ካመንኢ፡ ካብ 4 ክሳብ 9 ሓምለ ዝቐጽል ኮይኑ፡ ኣብ ትውልዲ ዓዱ ከተማ ማሽሃድ ብሓመድ ደብ ክፍጸም እዩ።

ኣብዘን ዝተጠቕሳ መዓልታት፡ ኣብ ከተማታት ጣህራንን ቖምን ከምኡ'ውን ኣብ ዒራቕ ተወሰኽቲ ጽንብላት ናይቲ ስነ ስርዓት ክካየዱ ምዃኖም ድማ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብዘወሰኸ፡ ካብ 4 ክሳብ 9 ሓምለ ኣብ ኢራን ልዑል ናይ ጸጥታ ሓለዋ ክካየድ መደብ ክትሓዝ እንከሎ፡ ኣብ ከተማታት ጣህራንን ማሽሃድን ከኣ በረራታት ደው ክብል ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

## ታይላንድ - ሸሞንተ መነኮሳት ቡድሃ ብሓደጋ ማኪና ሞይቶም

ኣብ ክፍለ ሃገር መኩዳሃን - ታይላንድ፡ ሓደ ወዲ 11 ዓመት ቆልዓ ናይ ጽዕነት ማኪና ኣተንቀሳቒሱ ናብ ብሰዓብቲ እምነት ቡድሃ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ጉዕዞ ጽንብል ጠዊቑ ብምእታዉ፡ ሸሞንተ መነኮሳት ናይቲ እምነት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ልዕሊ 20 መነኮሳት ከኣ መጉዳእቲ ከም ዝወረዶም ተሓቢሩ።



እቶም ግዳያት፡ ካብቲ ኣብ ክፍለ ሃገር መኩዳሃን ዝርከብ ቤት መቕደሶም ተበጊሶም ናብቲ ኣብ ጎረቤት ክፍለ ሃገር ዝርከብ ተመሳሳሊ ናይ እምነት ቦታ መንፈሳዊ ጉዕዞ የካይዱ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን እዩ እቲ ሓደጋ ኣጋጢምዎም።

ፖሊስ ናይታ ክፍለ ሃገር፡ እቲ ሓደጋ ዝፈጸመ ፍሉይ ኣልያ ዝድልዮ ወዲ 11 ዓመት ቆልዑ ቅድሚ ነቲ ሓደጋ ምውራዱ፡ ነታ ዋንነት ናይ ስድራኡ ዝኾነት ናይ ጽዕነት ማኪና ን10 ኪሎ ሜትር ከም ዝመርሓ ገሊጹ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | 3/07/2026 | ኀደና ኣፍዓበት ቁ.105፡ ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ (ካርሺሊ) | 123105 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565